# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 33 ዓመት ቁ.143 | ረቡዕ 14 ለካቲት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ረፑብሊክ ኢጣልያ



ገጽ 4 — ‘ሓይሊ 33’ - ኣብ ምስባር በሪ ስጋለት



ገጽ 5



ገጽ 6 — ሕጊ ልቦና



ገጽ 11 — “መሲ፡ ኣብ ኦሎምፒክ ክጻወት ማዕጾ ክፉት እዩ” ኣሰልጣኒ ኣርጀንቲና




# ወፈራዊ ልምዓት ብዝሓየለ ክቕጽል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣዘኻኺሩ





ማይን ሓመድን ብምዕቃብ እቶታውነት ሕርሻ ንምብራኽ ዝቐደደ ወፈራዊ ስራሓት፡ ብዝሓየለን ዝተወደበን መልክዕ ክቕጽል፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ኣተሓሳሰበ።

ኣምባሳደር ዓብደላ ዝ. መተሓሳሰቢ እዚ ዘመሓለለ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ግላስን ሓወሲ ከተማ ሓጋዝን ንዝቐደድ ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ድሕሪ ምፅዛቡ ምስ ክኢላታት ሕርሻን መሻርኽቲ ኣካላትን ከምኡ’ውን ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣብ ዝገበሮ ርክብ እዩ።

ኣብ ኣገዳስነት ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ሰብን ጥሪትን ከምኡ’ውን ምውሓስ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ድማ፡ ሓረስቶት ኑብሶም ክኽእሉ - መሬቶም ብጥበት ክጀርፉን ክከናኸኑን ተላብዩ።

ኣምባሳደር ዓብደላ፡ ኣብ 2024ን ኪኸኣሉን ብዝለዓለ ዝትግበር መደባት እውን መብርሂ ሂቡ።

ሓላፊ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ገብረመስቀል ተወልደ ድማ፡ ቀረብ መኣዝዊ መግቢ ስድራቤታት ንምርግጋጽ፡ ሓረስቶት ጉድኒ-ጉድኒ ኣእካል፡ ኣሕምልቲ፡ ጥረታትን ምቁር ድንሽን ከልምዑ ኣዘኻኺሩ።

ነበርቲ ኣብ መወዳእታ፡ ግብሪ መሬት ዳግመ-ግምት ክግበረሉ፣ ፕሮጀክት ማይ ሽተል ክጽገን፣ ንተሸከርከርቲ ኣሸጊሩ ዘርክብ ገረብ ‘ተምሪ መሳ’ መፍትሒ ክናደየሉ. . . ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣመሓላሊፎም።

# ኣብ ምም/ከባቢ ድርፎ ዲጋ ትስራሕ ኣላ

ኣብ ዞባ ማእከል - ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ፡ ብዕዙዝ ተሳትፎ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዲጋ ትስራሕ ኣላ።

እታ ብቤት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብደገፍ ማሽነሪ ክትህነጽ ጀሚራ ዘላ ዲጋ፡ ቁመታ 19 ሜትሮ ክኸውን እንከሎ፡ ምስ ተዛዘመት 200 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ክትሕዝ ከምእትኽእል፡ ኣቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ወከል ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ኢንጂነር ከስተ ገብረገርግስ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ዑመር ኢብራሂም ጀቢብ፡ መዓልታዊ ካብ 300 ክሳብ 330 ሰብ ይሳተፍ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣቐዲሙ ኣብ ማይ-ኩዖታት ናይ’ታ ዲጋ ዝተሰርሐ ቅናታዊ ዛላ - ሓጊዚ ኣበርክቶ ክህልዎ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ምስ ምዝዛም እታ ዲጋ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብተደጋጋሚ ኪጋጥሞም ዝጸንሐ ዋሕዲ ማይን ምንጻፍ ዒላታትን መሰረታዊ ፍታሕ ከምዝረክብ እውን ኣረዲኡ።

ኣሪና ዝተወከሰየም ነበርቲ፡ እቲ መደብ ቅድሚ ክረምቲ ንኽዛዘም ካብኦም ዝሕተት ኩሉ ንምምላእ ድሉዋት ምህላዎም ገሊጾም።

ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ፡ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ምብራቕ 12 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።



# ትካል/ሕርሻዊ ምርምር ‘መዓልቲ ሓረስቶት’ ወዲቡ

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ8 ለካቲት - ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ዝርከቦም ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ ዞባታት ደቡብን ማእከልን ዝመጽኡ ሓለፍትን ክኢላታትን ሕርሻ፡ ከምኡ’ውን ወከልቲ ሓረስቶት ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ዝተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ዘተኩረ መዓልቲ ሓረስቶት ኣብ ሓልሓለ ኣካይዱ።

ተሳተፍቲ፡ ግብራዊ መስርሕ ምድቃልን ወጽኢትን ብክኢላታት ወሸጢ ሃገር ናይ ዝተዋሰበ ዒሌት ዝተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ተዓዚቦም።

ዳይረክተር ጨንፈር ምርምር ምምሕያሽ ዘራእትን ላዕለዋይ ተማራማሪ ስነዘራእትን ኣቶ ንገሰ ኣብርሃ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ናይ ልምዓት መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ምብዛሕን ምዝርጋሕን ዝተዳቐሉ ዒሌታት ዕፉን ኣብ 2007 ከምዝጀመረ፣ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመታት ድማ፡ ናብ ደረጃ ምዕዳል ከምእተሰጋገረ ብምጥቃስ፡ ክሳብ 2022 ልዕሊ 11 ሽሕ ኩንታል ዝተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ኣብ ኢድ ሓረስቶት ክበጽሕ ከምዝኸኣለ ገሊጹ።

ብመሰረት መብርሂ ኣቶ ንገሰ፡ ካብ ደገ ዝኣተወ ሸሞንተ ዒሌታት ዝተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን፡ ኣብ ዞባታት ደቡብን ማእከልን ኣብ ግራት ሓረስቶት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ቀጽሪ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ንመርኣያ ድሕሪ ምዝራኦም፡ ሓደ ካብኦም ብወጽኢቱ ከምእተሓረየ፡ ኣብ 2022 ድማ መስርሕ ምድቃል ከምዝቐጸለ ኣረዲኡ።

ቀዳማይን ካልኣይን ዘርኢ ብምድቃል ዝተረኽበ ቀዳማይ ወለዶ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ኣብ ግራት ሓረስቶት ንፈተነ ተዘሪኡ፡ ብማእከላይ ገምጋም ካብ 62 ክሳብ 75 ኩንታል ካብ ሄክታር ክሕፈሶ ከምእተኻእለ ዝጠቐሰ ኣቶ ንገሰ፡ ንዚያዳ ወጽኢታውነት፡ ስሉሳዊ ኣገባብ ምድቃል ክቕጽል ከምዝጸንሐ፣ ኣብ ሞንጎ ክኢላታት ምርምር፡ ክኢላታት ሕርሻዊ ኤክስቴንሽንን ሓረስቶትን ከኣ ምልውዋጥ ፍልጠት ቀጻሊ ከምዝኸበረ ኣብሪሁ።

ሪፖርታዥ

# ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሪፑብሊክ ኢጣልያ

ተዓገስ ፍረዝጊ
ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣርትዖት - ሓዳስ ኤርትራ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝመርሖ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ዝርከብዎ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብዕድመ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒ "ድንድል ንሓባራዊ ዕቤት" ብዝብል ቴማ ኣብ ዝተወደበ ዋዕላ ኢጣልያ-ኣፍሪቃ ንምስታፍ፡ ብሰንበት 28 ጥሪ 2024 ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ ሮማ ኣትዩ።

ርክብ መራሕቲ ሃገራትን ትካላትን ኣፍሪቃ ምስ ሰበስልጣን ኢጣልያ ብ28 ጥሪ ምሸት፡ ፕረዚደንት ኢጣልያ ሰርጂዮ ማታረላ ብዝገበሮ ናይ ድራር እንግዶት እዩ ጀሚሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ፕረዚደንት ማታረላ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ኣፍሪቃን ብደረጃ ሚኒስተራት ክቕየድ ብዘጽንሐ ርክባት ምይይጥን ኣብ መንጎ ሃገሩን ኣፍሪቃን ዝምድና ንምድልዳል መሰረት ከምዝገጸፈ፡ ሰታፊ ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ኣብቲ ዋዕላ ድማ መርኣያ ጥቡቕ ዝምድናን ሕውነትን ኣህዛብ ምዃኑ ገሊጹ።

ዋዕላ ኢጣልያ-ኣፍሪቃ ንጽባሒቱ 29 ጥሪ ብመደረ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ሪፑብሊክ ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒ እዩ ተኸፊቱ። ጆርጅያ መሎኒ ኣብ መደረኣ፡ ሃገራ ምስ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኩሉ መዳያዊ ዝምድና ንምሕያል ዘለዋ መደብ ድሕሪ ምግላጽ፡ ዋዕለኛታት - ኢጣልያ ምስ ኣፍሪቃ ዘለዋን ክህልዋ ዝግባእ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ጸላት ብጸላት ኣልዒሎም ዘትዩምሉ። ኣብ ጸላታት ሕርሻ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ቴክኖሎጂ፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸዓት፡ ውሕስነት መግቢ፡ ጥዕናን ባህልን ክግበር ዝኽእል ምትሕግጋዛት ብዝምልከት ድማ፡ ሓሳብ ንሓሳብ ተለዋዊጦም። መሰረታዊ ጠንቂ ዘይውሑስን ዘይሕጋውን ስደት ኣፍሪቃውያን መንእሰያት ናብ ኤውሮጳ ኣተኩሮ ካብ ዝተዋህቦም ኣርእስቲታት ኮይኑ፡ ዋሕዚ ስደተኛታት ንምግታእ፡ መንእሰያት ኣብ ሃገሮም ዕድል ስራሕ ክፍጠረሎም ከምዝግባእ ብምርድዳእ፡ ነዚ ንምግባር ኣገዳሲነት ወፍሪን ልቓሕ ፋይናንሳዊ ትካላትን ዕዙዝ ምዃኑ ኣስሚሮምሉ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣርእስቲታት ብሰፊሑ ዝዘተየ ዋዕላ ኢጣልያ-ኣፍሪቃ ብ29 ጥሪ ምሸት ብወግዒ ተዛዚሙ። ኣብ መዕጸዊ ስነስርዓት፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒ ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምምስጋን፡ ኢጣልያ ንናይ ሓባር ዕቤትን ምዕባለን ዝሓዙ "ውጥን ማተየ" ዝተሰምየ መደብ ብዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂባ። ምትሕግጋዝ ኢጣልያን-ኣፍሪቃን ንመላእ ኣፍሪቃ ዝሰፍሕ ክኸውን ሃገራ ክትደፍኣሉ ምዃኑ ብምሕባር ከኣ፡ ከም ኣካል 'ውጥን ማተየ' ኢጣልያ 5 ቢልዮን ዩሮ ንኣፍሪቃ ከምዝሰልዐት ገሊጻ። ኣፍሪቃ ንኤውሮጳ ዝዓበየት ኣቕራቢት ጸዓት ክትከውን ዓቕሚ ከምዘለዋን ምስ ገለ ሃገራት ናይ ፈተነ ፕሮጀክትታት ይትግበር ከምዘሎን ድማ ሓቢራ። ዘይሕጋዊ ስደት መንእሰያት ኣፍሪቃ ናብ ኤውሮጳ ንኽቋረጽ መንእሰያት ኣብ ሃገራቶም ዕድል ስራሕ ንኽረኽቡ፡ ኣብ ክንክን ጥዕና፡ ማይ፡ ሕርሻ፡ ትሕተ-ቅርጺ ወዘተ. ፕሮጀክትታት ልምዓት ምንጥጣፍ ከምዝድሊ ድማ ኣገዲሳ።

እዚ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ "ማተየ ፕላን" ዝተሰምየ ዋዕላ፡ 22 መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ኣፍሪቃ፡ ኮሚሽነር ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን ላዕለዎት ሰብ መዚ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሕቡራት ሃገራትን፡ ካልኦት ወከልቲ ኣህጉራውያን ትካላትን ዝተሳተፍዎ እዩ ነይሩ።

ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተመርሐ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ከምኡ'ውን ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍሱሓጼን ጴጥሮስ ዝርከብዎ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ምስ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒን ሓያሎ ላዕለዎት ሰበስልጣን እታ ሃገርን ኣካየድቲ ስራሕ ዝተፈላለያ ትካላትን




ተራኺቡ ብምዝታይ፡ ኣብ ብዙሓት ትካላት ዑደት ከምዝተኻየደ ኣብ ዜናታትና ተገሊጹ ነይሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ29 ጥሪ፡ ምስ ሚኒስተር ሕርሻ፡ ውሕስነት መግብን ሃብቲ ገረብን ፍራንቸስኮ ሎሎብሪጂዳ ኣብ ዝተዘራረብሉ፡ ኤርትራ ግዝኣት ኢጣልያ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን - ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሃንጸ ምዕቡል ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸርግያታት፡ መጉዲ-ባቡር፡ ወደባት፡ ኢንዱስትሪታት፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያን ተሌፎንን ዝነበራ፡ ካብ ኣፍሪቃ ብቐዳምነት እትሰርዕ ሃገር ምንባራ ገሊጹሉ። እንተኾነ፡ እንግሊዝ ንመግዛእቲ ኢጣልያ ምስ ተክአ፡ ኤርትራ ናጽነታ ንኸይትረኽቦ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቀረን ብዝተሓንጸጸ እኩይ ውጥን፡ "ብቑጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን እያ" ንምባል፡ ዝጠዝጠ ካብ ትካላት ኢጣልያ ናብ ካልኦት ሃገራት ከምዝሸጠ፡ ነቲ ዝተረፈ ድማ ከምዝዐነወ፡ ካብ ዕንወትን ዝምታን እንግሊዝ ዝተረፈ ከኣ፡ ኣብቲ ዝሰዓበ መግዛእቲ 30 ዓመታት ሓርነታዊ ኩናትን ከም ዝዓነወ ብምሕባር፡ እቲ ዝወረደ ዕንወት ኣዝዩ ዓቢ ብምዃኑ፡ ንምጽጋኑን ዳግም ንምህናጹን ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ስትራተጂያዊ ሽርክነት ምፍጣር ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ሚኒስተር ሕርሻ፡ ውሕስነት መግብን ሃብቲ ገረብን ኢጣልያ ፍራንቸስኮ ሎሎብሪጂዳ ብወገኑ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተዋህቦ መብርሂ ብምንኣድ፡ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ ግድነት ክትግበር ዘለዎ ምዃኑ፡ ንተግባራውነቱ ዝሕግዝ ሰራሕ ኣፍልጦ ንምርካብ ድማ ናብ ኤርትራ ምብጻሕ ክፍጽሙ ምዃኖም ገሊጹ።

ጉድኒ-ጉድኒ ዋዕላ ኢጣልያ-ኣፍሪቃ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብቲ ዋዕላ ምስ ዝተሳተፉ ፕረዚደንት ፌደራላዊት ሪፑብሊክ ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶን ምይይጥ ኣካይዱ። ምስኦም መራሕቲ ዝተኻየደ ርክብ ብቐንዱ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳሲነት ኣብ ዘለዎም ዞባዊን ዓለማዊን ጉዳያትን ምዕባለታትን ዘቐንዐ እዩ ነይሩ።

ብ30 ጥሪ ቀድሚ ቐትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ሚኒስተር ኣኽባቢን ጸዓትን ኢጣልያ ጂልበርቶ ፒቸቶ ፍራቲ ኣብ ዝተራኸበሉ፡ ዝምድና ኢጣልያን ኤርትራን ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝጀመረ ኮይኑ ፍሉይነት ከምዘለዎ፡ እዚ ፍሉይ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ'ዚ ንቐጻሊ መራኸቢ ድንድል ኮይኑ፡ ስትራተጂያዊ ምሕዝነት ንምምዕባል ሓጋዚ ምዃኑ ገሊጹ። ታሪኽ መግዛእቲ ጸቡቕን ሕማቕን ኩነታት ክህልዎ ባህርያዊ ምዃኑ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ታሪኽ ናይ'ቶም ግዝኣት ኢጣልያ ኣብ ምስፍሕፋሕ ዓቢ ግደ ዝተጻወቱ 150 ሽሕ ኤትርትራውያን ዓስከር፡ ኣካል ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ናይቲ እዋን'ቲ ስዉኣት ህዝቢ ኤርትራ ክፉት ክኸውን ሓቲቱ። እዞም ዓስከር ንኢጣልያ ብዙሕ ኣበርክቶ ዝገበሩ ክነሶም፡ ብወገን መንግስቲ ኢጣልያ ዝኾነ ደገፍ ከምዘይረኸቡ ድማ ኣገንዚቡ። ኢጣልያ ንኤርትራ ኣብ ዘጋጠማትሉ እዋን፡ ንሰፈርቲ ኢጣልያውያን ከገልግል ዝሃነጾቶ ምዕቡል ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸርግያታት፡ ወደባት፡ ሕርሻዊ ትካላት፡ ተሌፎን፡ መጉዲ ባቡርን ብዙሓት ፋብሪካታትን፡ በቲ ዝሰዓበ ፖለቲካዊ ኩነታት ኩሉ ከምዝዓነወ ብምግላጽ ድማ፡ ነቲ ዝዓነወ ዳግም ንምሕዳስ ኮነ ሓድሽ ንምህናጽ፡ ኢጣልያ ኣብ ዓውድታት፡ ዕደና፡ ኢንዱስትሪ፡ ጸዓት፡ ልምዓት ማይ፡ ሕርሻ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን መራኸቢታትን ወፍሪ ክትገብር ዓዲሙ።

ሚኒስተር ፍራቲን ብወገኑ፡ "ኢጣልያ መራኸቢ ድንድል ኣፍሪቃን ኤውሮጳን፡ ኤርትራ ድማ ኣፍ-ደገ ንኣፍሪቃ ክትከውን እያ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ፡ ዓቕሚ ኢጣልያ ብቐንዱ ኤርትራውያን ምንባሮም ብምግላጽ፡ "ሕጂ እውን ሰብኣዊ ዓቕሚ ኤርትራውያን ንምምዕባል ብሓባር ክንሰርሕ ኢና" ኢሉ። ኤርትራ ንኢጣልያ ዘገድስ ማዕድናዊን ካልእን ሃብቲ እትውንን ሃገር ብምዃና፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ፍሉይነቱ ኣብ ግምት ብምእታውን ቀዳመይቲ ሚኒስተር መሎኒ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ንሱን ብውጥን ማተየ ምስ ኤርትራ ልምዓታዊ ሽርክነት ንምፍጣር ከምዝሰርሑ ኣስሚሩሉ። ፕረዚደንት ኢሳያደስ ብወገኑ፡ ምስ ኣከባቢ ዝዛመድ ቀረብ ጸዓት ቀዳምነት ካብ ዝወሃቦ ጉዳያት ሓደ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ኤርትራ ዝፍ ዕቑር ተኽእሎ ምምንጫው ተተካኢ ጸዓት ስለዘሎ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ንጹር መደባት ምስኣልን ምትግባርን ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ምስ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒ ርክብ ዘካየደሉ ሰሉስ 30 ጥሪ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ'ዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ርእሰከተማ ኢጣልያ ሮማ፡ ቤት-ጽሕፈት ቀዳመይቲ ሚኒስተር፡ ህንጻ (ፓላሶ ቺጊ) ዝተኻየደ ርክብ፡ ሕውነታዊን ልዑል ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዝዓሰሎን እዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸርግያታት፡ መጉዲ-ባቡር፡ ተሌፎን፡ ወደባት፡ ሕርሻ፡ ምስናዕ ሃብቲ-ዓሳን ጸዓትን ዘሎ ሰፊሕ ዕድላት ወፍሪ ዘርዚሩ። ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒ ብወገና፡ ምስ ኤርትራ ዝትግበር መደባት ዝከታተል ቀዋሚ ኣማኻሪ ከም ዝመዘዘት፡ ልኡኽ ኤርትራ ምስ ዝተፈላለየ ጸላታት መንግስቲን ኩባንያታትን ምይይጥ ክካይድ መደባት ከምዝሰርዐት፡ ጸብጻቡ ድማ ናብኣ ከምዝቐርብ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ገሊጻትሉ።



ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጆርጅያ መሎኒ ብዘቕረበቶ ሓሳብ መሰረት፡ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብድሕሪ'ዚ ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲን ኣካየድቲ ትካላትን ብዙሕ ርክባት እዩ ኣካይዱ። ብ30 ጥሪ ምሸት፡ ምስ ሚኒስተር ባህሊ ኢጣልያ ጀናሮ ሳንጊላኖ ተራኺቡ ዘትዩ። ኣብቲ ርክብ፡ ብመግዛእቲ ኢጣልያ ተዓሲከርም ናብ ሊብያን ኢትዮጵያን ዝተወስዱ ኣሽሓት ኤርትራውያን ዝምልከት ስዉኣት፡ ተዓቂቦሉ ዘሎ ኣብያተ-ስነዳ ብምፍታሽ ናብ ኤርትራ ምውሳዱ ከምዝከኣል ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ናብ 3ይ ገጽ ይቕጽል

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ . . .

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ

እቲ ሰሩዓት ዝዕቀበሉ ከምኡ'ውን ንምድልዳል ታሪኻዊ ዝምድና ኤርትራን ኢጣልያን ዘገልግል ቤት-ማዘክር ኣብ ኣስመራ ክህሎ እውን ሓሳቡ ኣካፊሉ። ሚኒስተር ባህሊ ኢጣልያ ብዘወሃቦ፣ ኣብ ጥንታዊት ኣዱሊስ ብኢጣልያውያን ዝቐጸለ ከዕታን ምርምርን ንምዕባይ ክኢላታት ኢጣልያ ብሞያኦም ኣበርክቶ ክገብሩ፣ ንኤርትራውያን ሞያውያን ሰዉጥንቲ፣ ሰዉጥባሰን መዚቃን ድማ ትምህርትን ስልጠናን ክወሃብ፣ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ፈስቲቫላት ክዳሎን ክቐደዱን ዝኢ እተተግብር ኮሚቴ ክትቀውም ብዘቕረቦ ሓሳብ መሰረት ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብድሕሪኡ፣ ምስ ወከል ማሕበር ትካላት ሕርሻ 'ኮልድሪቲ' (coldritti) ኣንቶንዮ ፓሬቲ ተራኺቡ ዘትዩ። እቲ ማሕበር 1.6 ሚልዮን ኣፍረይቲ ሓረስቶት ዝጥርንፍ እዩ። ብዝበለጸ ፍርያቱን ስፊሕ መርበብ ዝርጋሐኡን ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ኣብ ዓመት 65 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ይረክብ። ኣቡቲ ርክብ፣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፣ ካብ ተሞኩሮኦም ዝቐሰም ትምህርቲ ኣጉዲሲ ምዃኑ ብምግላጽ፣ ፍርያት ሓረስቶት ኤርትራ ኣብ ዕዳጋ ንምቕራብ ብወገን'ቲ ትካል ክግበር ዝኽእል ምትሕግጋዝ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዘሎ ተኽእሎ ምትሕግጋዝ ብዝምልከት ኣሰፊሖም ተመያዪጦም። ኣብ ኤርትራ ሰፊሕ ዝሕረስ መሬትን እኹል ዝተዋህለለ ማይን ከምዘሎ ብምንጻር ድማ፣ ብሓባር ንምስራሕ ብወገን ኤርትራ ዘሎ ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ዑደቱ ብምቕጻል፣ ብ31 ጥሪ ቀድሚ ቐትሪ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፣ ምስ ምክትል ሚኒስተርን ሓላፊ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ቺርያለ፣ ዳይረክተር ጀነራል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣንቶንዮ ጓሪልያ፣ ምስ ኣካየድቲ ስራሕ ኣብ ጸዓትን ነዳድን ዝሰርሑ ትካላት ENEL, Nicolo mardegan፣ ከምኡ'ውን ምስ ሓላፊ ENI Lapo Pistelli ብምርኻብ፣ ምስ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ መሎኒ ዝተገበረ ምርድዳእ ዝያዳ ዘዕምቑ ዘተ ኣካዪዱ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣቡቲ ርክብ፣ ንቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ድሕሪ ምምስጋኑ፣ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንምምዕባል ሰላምን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ-ባሕሪን ኣገዳሲ ምዃኑ ጠቒሱ፣ ኣብ ጉዳይ ምርግጋጽ ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ ምስ ኢጣልያ ብምትሕብባር ክትሰርሕ ድልውቲ ምዃና ድማ ገሊጹ። ኣብ ልምዓታዊ መዳያት፣ ብወገን ኤርትራ ቀዳምነት ዝወሃቦ ዓውድታት ከኣ ዘርዚሩ። ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፣ ጸርግያ፣ ማይ፣ መገዲ ባቡር፣ ዕደናን



ጸዓትን (ብፍላይ ኣብ ተሓዳሲ ጸዓት) ምትእትታው ስርዓተ ማስኖ ኣብ 80 ዝኾና ዓበይትን ማእከላትን ዲጋታት፣ ኣብ ሃብቲ ዓሳን ቱሪዝምን፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ምትሕግጋዝ ክህሉ ድሌት ኤርትራ ምዃኑ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዘወሃቦ ኣብሪሁ። ሰበስልጣን ኢጣልያን ሓለፍቲ ትካላትን ብወገኖም፣ ብዛዕባ ኤርትራ ብዙሕ ተገዳስነትን ኣፍልጦን ከምዘለዎም ብምግላጽ፣ ኩባንያታቶም ቀላሒታኦን ናብ ኤርትራ ክገብራ ከተባብዑ ምዃኖም ገሊጾምሉ።


ረቡዕ 31 ጥሪ ድሕሪ ቐትሪ፣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ሚኒስተር ትካላትን ስርሓትን ኢጣልያ ኣርሶ ኣደልፎ (minister for buisness and made in Italy) ተራኺቡ ዘትዩ። ኣቡቲ ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፣ ልምዓታዊ ቀዳምነታት ኤርትራ ብምብራህ፣ ኣብ ኤርትራ ንወፍሪ ዕቑር ዓቕሚን ኣተባብዒ ሃዋህውን ከምዘሎ ኣገንዚቡ። ሚኒስተር ኣርሶ ኣደልፎ ብወገኑ፣ ዝቐረበ ሓሳባት ንምትግባር ዝከኣሎ ከምዝገብር ሓቢሩ።ኤርትራውያን ተመሃሮ፣ ሳዕለዋይ ትምህርቶም ንምቕጻል ኣብ ዩኒቨርሲተታት ኢጣልያ ዕድል ዝረኽቡሉ ባይታ ንምፍጣር ክደፍኣሉ ምዃኑ ድማ ገሊጹ።

ሓሙስ ንግሆ ባሕቲ ለካቲት፣ ልኡኽ ኤርትራ፣ ምስ ሚኒስተር ስፖርትን መንእሰያትን ኣንድረያ ኣባዲ እዩ ተራኺቡ ዘትዩ። ንናይ ሓባር ስራሕ ማበሲ ዝኸውን ሰድ ስምምዕ ኣብ ሓጺር እዋን ክዳሎ፣ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ ሓባራዊ ስፖርታዊ መደባት ምዕባይ፣ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ቀጻሊ ምብጻጻሕ ክህሉ፣ ክኢላታት ኢጣልያ ናብ ኤርትራ እናመጹ ክእሎቶም ከካፍሉ ኣብ ዝበሉ ኣርእስትታት ከኣ ምይይጥ ተኻዪዱ። ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ዞባ ናይ ኤርትራ ዘድሊ ትሕተ-ቅርጺ ስፖርት ከዋደድ፣ ዓቕሚ መንእሰያት ኤርትራ ንምዕባይን ዕድል ማህደረ ትምህርቲ ክሰፍሕን ክኢላታት ኢጣልያ ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ስልጠናታት ክህቡ፣ ኤርትራ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ዘለዋ ብራኽ ንስፖርተኛታት ምቹእ ስለዝኾነ፣ ኢጣልያውያን ኣብ ኤርትራ መጺኦም ልምምድ ከካይዱ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተመርሐ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ብድሕሪኡ፣ ምስ ኣካየድቲ ኣብ ቱሪዝም ዝሰርሕ ትካል ኩባንያ ኣልፒቱር (Alpitur) ተራኺቡ ዘትዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣቡቲ ዘተ፣ ኤርትራ ሃብታም ጸጋታት ቱሪዝም፣ 1200 ኪ.ሜ. ገምገም ባሕርን ልዕሊ 300 ደሴታትን እትውንን ሃገር እኳ እንተኾነት፣ ቱሪዝማዊ ትሕተ ቅርጺ ግና ስለዘይማዕበለ፣ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ዝኢፍ ወፍሪ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ። ሓለፍቲ እቲ ትካል፣ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ ኣስመራ ክበጽሑን ምስ ክኢላታት ተመያዪጦም ሓባራዊ መደብ ክወጽኡን ድማ ተሳቢዮም። ኩባንያ ኣልፒቱር ኣብ ኣገልግሎት በረራታት፣ ሆቴላትን ካልእ ምስ ቱሪዝም ዝተኣሳሰር ንጥፈታትን ዝሰርሕ፣ ልዕሊ 20 ናይ መዳዓዝያ ነፈርቲ ዝውንን፣ ኣብ 2023 ጥራይ ሓደ ሚልዮን ሰባት ዘገዓዘ፣ ኣብ ኢጣልያ ካብቶም ብቐዳምነት ዝሰርዑ ትካላት ቱሪዝም ሓደ እዩ።

ብ2 ለካቲት ቀድሚ ቐትሪ፣ ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፣ ካብ ከተማ ሮማ 70 ኪ.ሜ. ተጓዒዙ ናብ ከተማ ቬተርቦ ብምብጻሕ ንመስርሕ ትካል "ዲስቲሌርያ ቬተርቦ" ተዘዋዊሩ ተዓዚቡ። ብክኢላታት እቲ ትካል ድማ መብርሂ ተዋሂብዎ። ትካል ዲስቲሌርያ ቬተርቦ፣ ዝተኣከበ ጉሓፍ ብምጥቃም ዓቕሙ፣ ብዝተፈላለየ መስርሓት ኣሕሊፉ ናብ ጸዓት ዝቕይር እዩ። ኣብ ዓመት 230 ሽሕ ቶን ጉሓፍ ተቐቢሉ፣ ናብ ድኹዒ (ኮምፖስት)፣ ነዳዲን ተመሳሰልቱን ይቕይሮ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ልኡኽ ኤርትራን ብ2 ለካቲት ኣጋ-ምሸት ምስ ሚኒስተር ምክልኻል ኢጣልያ ጉዊዶ ክሮሰቶ - ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ተራኺቡ ዘትዩ። ኣቡቲ ርክብ፣ፕረዚደንት ኢሳይያስ፣ ኤርትራ ምስ ኢጣልያ ንናይ ሓባር ረብሓ፣ ኣብ ሽርክነትን ማዕርነትን ዝሰረተ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ከተማዕብል ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጹ። ሚኒስተር ምክልኻል ኢጣልያ ጉዊዶ ክሮሰቶ ብወገኑ፣ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ኤርትራን፣ ብምዝተዩ ፕላን ሓዲሽ ናይ ምድግጋፍ ዲፕሎማሲ ኣብ ኩሉ ጽላታት ክህሉ ብወገኖም ዘሎ ድሌት ገሊጹ። ኤርትራ፣ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እታ እኾ ሰላምን ርግኣትን እትውንን፣ ሓያል ሰራዊት ዘለዋ ሃገር ብምዃና፣ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝፍጠር ኩነት ንምእላይ ባሕሪ'ውን ብቑጥታ ስለዝጸሉ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፣ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ክህሉ ብወገን ሃገሩ ዘሎ ድልውነት ድማ ኣረጋጊጹ።



ብ4ን 5ን ለካቲት ልኡኽ ኤርትራ፣ ካብ ከተማ ሮማ 170 ኪ.ሜ. ተጓዒዙ ኣብ ከተማ ፐሩጅያን ከበኣን ዝርከቡ ትካላት በጺሑ። ኣብ ኣውራጃታት ኡምብርያን ኖሪችያን፣ ካብ 1967 ጀሚረን ኣብ ጸገን ወጽኢት ጸገን ዝሰርሑ ትካላት፣ "ተራድኡ ግሪፎ ኣግሮ ኣሊመንታሪ" (Gruppo Grifo agroalimentare) እናተዘዋወረ ድማ ብኣካየድቲ ስራሕ፣ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂብዎ። ትካል ተራድኦ ግሪፎ፣ ብ200 ሓረስቶት ዝውሃኑ መዓልታዊ 35 ሽሕ ሊትሮ ጸባ ናብ ፋብሪካ ዘቕርብ ኮይኑ፣ 30 ዓይነታት ፎርማጆ፣ ጸባ፣ ርጉኦ፣ ሪኮታ፣ ሞሰረላን ሳላመን ንዕዳጋታት ኢጣልያ የቕርብ። ብዘይካ'ዚ ልኡኽ ኤርትራ፣ ስጋ ሓሰማ ዝምስርሕ 'ላ ኣርቲጂያኖ ደይ ሳሉሚ ሳልቫቶሪ' (l'Artigiano dei salumi salvatori) ትካል ብምብጻሕ ንኹሉ መስርሓት ተዓዚቡን መብርሂ ተዋሂብዎን።

ልኡኽ ኤርትራ ቀጺሉ ዝተዓዘቦ ትካል፣ Umbria Agrofood Tecnology park እዩ። ኣብ እዮት ሕርሻ ሰውጢ ንምምጻእን ቴክኖሎጂ ንምስጋገርን ዘተባብዕ፣ ኣብ ምጽናት ንዝርከቡ ሂወታውያን ኣብ ቤት ፈተነ ኣእቲዩ ከይጸንቱ፣ መጽናዕታዊ ንጥፈታት ዘካይድ ትካል'ዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንኣሰራርሓ'ቲ ትካል ድሕሪ ምዕዛብ፣ ንዝያዳ ኣፍልጦን ምትሕግጋዝን፣ ክኢላታት ናይ'ቲ ትካል ካብ ኤርትራ ምስ ዝመጽኡ ሰብ ሞያ ክመያየጡ ኣዘኻኺሩ።

ብ4 ለካቲት 2024 ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝመርሖ ልኡኽ፣ ናብ ከተማ ኣሲሲ ብምብጻሕ፣ 800 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ፍራንቸስኮ ከምኡ'ውን ኣብ'ታ ከተማ ንዝርከብ ጥንታዊ ህንጻታትን ኣሰራትን ተዘዋዊሩ ተዓዚቡ። ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ፍራንቸስኮ፣ ሓደ ካብቶም ብጥንታውነቶም ስሉህንጻኡን ኣብ ውሽጢ ዘሎ ጽባቐ ቅብኣን ቀንዲ ማስሕቢ በጻሕቲ ኮይኑ፣ ኣብ ዓመት ብሚሊየናት በጻሕቲ ዝንገድ እዩ። ልኡኽ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ ኣብ ከተማ 'ፓሲኛኖ' ብምብጻሕ፣ ንጸባቐን ተፈጥሮን ገምገም ቀላይ 'ትራሲ-መኖን' ቱሪዝማዊ ስሕበቱን ተዓዚቡ። ኣብቲ ቦታ ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ ሰራሚክስ ብምብጻሕ ከኣ፣ ንፍርያት'ቲ ፋብሪካ ተዓዚቡን ብሰብ ትካል መብርሂ ተዋሂብዎን።

ልኡኽ ኤርትራ ብ6 ለካቲት ካብ ከተማ ፐሩጃ 300 ኪ.ሜ ተጓዒዙ፣ ኣብ ኣውራጃ ሉካ ዝርከብ ትካል እምኒ በረድ ሄንሮክስ (HenrauX) በጺሑ። ኣቲ ኣብ 50 ሽሕ ሄክታር ተደኩኑ ዝርከብ ዘመናዊ ትካል እምኒ በረድ ተዘዋዊሩ ኣብ ዝተዓዘቦ፣ ኣሰራርሓኡ፣ ዓጢቕዎ ዘሎ ቴክኖሎጂን ወጽኢት ስርሑን ብዝምልከት ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂብዎ። ኣብ 1821 ምፍራይ እምኒ በረድ ዝጀመረ ትካል ሄንሮክስ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዕብየቱ፣ ብቕዓት ምህርቱን ዓጢቕዎ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ኣብ ዓለም መሪሕ ተራ ሒዙ ዘሎ እዩ። ፍርያቱ ናብ ሸደሽተ ክፍላተ-ዓለም የሰፍፍል። ኣቡቲ ርክብ፣ ሓለፍቲ እቲ ትካል ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ንምስጋገር ምስ ኤርትራ ብሽርክነት ክሰርሑ ዘለዎም ድሌት ኣረጋጊጾም።

ፕረዚደንት ኢሳያያስ ኣፈወርቂ ኣብ መወዳእታ፣ ብ7 ለካቲት ምሸት ምስ ሓለፍቲ ማሕበራትም ኤርትራውያን ከተማ ሮማ ተራኺቡ ተመያዪጡ፣ ኣበርክቶኦም ብምንኣድ ድማ ክቕጽልዎ ተላቢዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝመርሖ፣ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ዝርከብዎ ሳዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፣ ካብ 28 ጥሪ ጀሚሩ ኣብ ረፑብሊክ ኢጣልያ ዘካየዶ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ፈጺሙ፣ 8 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ናብ ኤርትራ ተመሊሱ።

ጽንብል ስርሒት ፈንቅል መበል 34 ዓመት

# ፈንቅል ቅኒት ሓርነት!













ዲዛይን -ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቓድር
ኣብርሃም በየነ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

<u>መበል 14 ክፋል</u>

***“ዓርኩምሕዝኦት ማለት ሓደ ሩሕ ኣብ ክልተ ኣካላት እዩ።” - ኣሪስቶትል***
***“እቲ ዝበለጸ ዓርከ መሓዛይ፡ እቲ ዝበለጸ ሰብ ክም ዝኸውን ዝገብረኒ እዩ።” - ሀንሪ ፎርድ***

ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ብድሌትና ደዩ ብዘይ ደሌትና፡ ገለ ግርጭታት ምስ ሰባት የጋጥመና እዩም። ገለ ሰባት ሰኣን ንንእሽቶ ግርጭት ብኢጋኡ ብሰላማዊ መንገዲ ዝኣልዩዎ፡ ናብ ዘይተደልየ ክሳብ ህይወት ምሕላፍ ከዕርግዎ ይረኣዩ እዮም።

ንገለ ሰባት ንዘኸሉ ዘጋጥሞም ግርጭት፡ ኮፍ ኢልካ ርትዒ ኣሰኺካ ናይ ምፍታሕ ድሌት ይኸውን ዓቕሊ የብሎምን። ናትና ከርናዕ ኣመለኻኽታ ጥራይ ከም ቅኑዕ ገይርና ክንወስዶ ኩቶ ኣይግባእን። ንርእይቶታት ካልኦት ሰባት እውን ክፉታት ክንኸውን ይግባእ። “ክትቀትለኒ ኣየድልየካን እዩ፡ ሓሳብካ ቅኑዕ ምዃኑ እንተ ኣእሚንካ፡ ክጸንበረካ ድሉው እዩ።” ዝበል ብዚል ለዮማት ምዝዛር ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ህይወትና ሓቀኛታት ዓርኩመሓዛት የድልዩና እዮም። ኣዐሪና እንኣምኖም ዓርኩ መሓዛት ኣብ ከባቢና ምስ እንረክብ፡ ብዙሕ ረብሓ ኢና እንረኽብሎም። ንውጥንና፡ ስምዒታትናን ባህግታትናን ምስኦም ክንመያየጠሉ ዕድል ንረክብ።

ምስ ዓርከ መሓዛትካ ኣብ ዘይቅዱስ ውድድር ምጽማድ ወይ ኣብ ውድድር ኣሸት ምጽማድ፡ ኣብ ጭንቀት ክሽምመካ እንተ ዘይኩይኑ፡ ከዐውተካ ኣይክእልን እዩ። ንፉዕ ዓርኩመሓዛ ንቕኑዕን ግኑይን ርእይቶኻ ጸን ኢሉ እዩ ዝሰምዓካ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ቀጥታውን ቅኑዕን መልሲ ዕንጋለ ይህበካ።

እዚ ብፍላይ ኣብ ምውሳድ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣድላዪ እዩ፡ እቶም ውሳኔታት፣ ንመን እዩ ክምርያ ዘለኪ? መዓስ ክምርያ? ኣበየናይ ስራሕ እንተ ተዋፊርኩ ዝያዳ ከድምዕ እኸእል? ናብ ካልእ ከተማዶ ክግዕዝ? ዝፍሲ ወከፍና ዝተፈላለዩ ርእይቶታት እዩም ዘለዉና። ካብ ብዙሓት ሰባት ብዙሕ ፍታሕ ክንረክብ ከም እንኽእል ክንስሕቶ የብልናን።

ገለ ጸርግያታት ንበይንኻ ክትጓዓዞም ትኽእል ኢኻ፡ ጸርግያ ህይወት ግዱ ሓደ ካብኣቶም ኣይኮነን። ጸርግያ ህይወት ምስ ዓርኩመሓዛትካ ኢኻ ሽናዕ ክትብሎ ዘለካ።

ኣገዳስነት ዓርኩምሕዝኦት ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣቱ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብእኡ መጠን ንኣገዳስነት ምምራጽ ዓርኩምሕዝኦት ኣብ ግምት ከእትዎ ጸቡቕ እዩ። ናብ ዕዳጋ ምስ እንወርድ፡ ኣብ ቅድሚና ዘጽንሓና ኣይኩንናን እንሸምት። ንዓና ዝያዳ ዘገድሰና መሪጽና ኢና እንሸምት። ኣብ ምምራጽ ዓርኩመሓዛት ድማ ካብዚ ንላዕሊ ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ ዓርኩመሓዛትና ወጽኢት ከኒታት እዮም። ጉርብብትና፡ መሳርሕትና፡ መዳቕስትና፡ … ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ብሓባር ከዕዮ ስለ እተጻወትካ ናይ ልቢ ኣዕሩኽ ክትከውን ግድን ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂት ክትሰዕሰዕ ስለ ዝሓደርካ፡ ኣዕሩኽ ኴንካ ማለት ኣይኮነን። ዓርኩ ምሕዝኦት ክሳብ ክንዲ’ዚ ቀሊል ኣይኮነን። ንኹእ ርእሰኻ፡ “እዚ ሰብ እዚ ድሕሪ 20 ዓመታት እንታይ ዓይነት ሰብ ክኸውን ከም ዝኽእል ክትግምቲ ትኽእሊዶ?” ኢልካ ሕተታ።

## ሕጊ ልቦና

ቅድመ-ንጡፍ (pro-active) ኴንካ፡ ኑቲ ቅኑዕ ዓርኩመሓዛ ርኸቦ። ዓርኩመሓዛ ንሓዋሩ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ንሓቂ ዝእልሽ ዓርኪ ምረጽ። ሽቶታቱን ክብርታቱን ንሽኻ እተድንቖም ክኾኑ ይግባእ።

መግለጺ ዓርኩምሕዝኦት ተኣማንነት እዩ። ተኣማንነት ክበሃል እንከሎ፡ ዋላ እኳ መንገድኻ እንተ ተረሓሓቑ፡ ብእኡ ኣብልካ እዩ። ዘይጸረልካ ጉዳይ እንተ’ልዩ፡ ዓይንኻ ከይሓሰኻ ሕተት። ኑየም መርትዖታት ኣብ ሓደ ጸምበርካ ተጐትና። ኣብዚ መዳይ ከይትጋገ ኢልካ ኣይትሸቐረር።

እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣርእስቲ ክትብርብሮ ዘለካ፡ ብዛዕባ ትርጉም ህይወት ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ትርጉም ፍቕሪ፡ ተጻዋርነት፡ ሕማቕታ፡ ሃብቲ፡ ልግሲ፡ … ምስ



ኣይትጉሓሓፍን ኢኻ። ገለ ቅርበትን መንነትን ትካፈል ኢኻ። ንሽኻ ዓርክኻ ኣብ ጉድኒኻ ከም ዘሎ ትፈልጥ ኢኻ። ንሽኻ እውን ኣብ ጉድኑ ኢኻ። ንዓርኩ-መሓዛትካ ብዘተኣማንነትካ ዓቕሚ ክትሕግዞ ተበጊሶ ክትወስድ ይግባእ።

እቲ ባጤራ እምንቶ እዩ። ንሽኻ ኑቲ እምንቶ ትኸፍሎ። ከም ኣምሳያኡ ድማ ምሕዝኦት ትረክብ። ዝበለጸ ዓርከ መሓዛ ብዝረኸብካዮ መጠን፡ ዝያዳ እምነት ክትከፍል ይድርኸካ። ክልተ ካብ ሓደ ከም ዝበልጽ ርዱእ እዩ። ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ፡ ካብ ብዛዕባ ጌጋታትና ንላዕሊ ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ጌጋታት ውድዓውያን ክንከውን ስለ ዘኽእለና። ንሽኻ ኣብ ልዕሊ መሳርሕትኻ ክትጭድር እንከለኻ፡ እቲ እትኣምኖ ዓርክኻ ‘ኢእእእእእእእእእእ!’ ይብለካ። ዓርክኻ ኣብ ልዕሊ መሳርሕትኻ ክጭድር እንከሎ ድማ፡ ንሽኻ ‘ኢእእእእእእእእእእ!’ ትብሎ። እወ ንሓድሕድኩም ካብ ዘፍልጦኩም ነገራት ንኽትሕረቡ ተኻኢኩሓ። ኣዕሩኽ ንሓድሕዶም ክብ ኩብሉ ክጽዕሩ እዩ ዘለዎም። ሃናጺ ዝኾነ ነቐፌታ ኣብ ምውሃብ ከኣ ኩቶ ዓይናም ክሓስዩ ኣይግባእን።

ናይ ቀረባ ዓርክኻ ንፈጠራውነትካ ዝደርኽ ክኸውን ይግባእ - ልክዕ ከም ማዕከንክኢላታት (think tank) ማለት እዩ። ብሓንሳብ ትቀራረብ እሞ ኣብ ንውጽኣተ ሓሳብ ትሽመም። ዝኾነ ነገር ከጋጥም ይኽእል እዩ። ዋላ ርኡይ ጌጋ እንተ ፈጸምካ፡ እቲ ናይ ብሓቂ ዓርኩ መሓዛ ሳንተም ከም ዘይተወጸአ ገይሩ ኣየስሽምሽካን እዩ።

ዓርኪ ክኸዉ ብሓንሳብ ምኻድ እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ዓርኪ፡ ንሽኻ እቲ ዝበለጸ ግዜኡ ርእሰኻ ንኽትመስል ከይተሓለለ እዩ ዝሕግዞ።

ዓርኩመሓዛት ክመያየጡ እምበር፡ ክካትዑ ኣየምሕረሉምን እዩ። ኣየዋጽኦምን እውን እዩ። ንሽኻ ፈላጢ-ውሕልና (connoisseur) ምይይጥ ኢኻ ክትከውን ዘለካ። ንዓርክኻ ጉዱ ከተቃልዕ ኢልካ ኣይትተዓጠቕ። ኣብ ዕርክነት ምጭዳር ቅቡል ኣይኮነን። ኣብ መርገጺኻ ጥራይ ኢኻ ብልዙብ ቃላት እሂን ምሂን ክትብህል ዘለካ።

ንሓድሽ ሓሳብ ክፉት ክትከውን ጸቡቕ ዓርከ መሓዛትካ ምምይያጥ ኣይጽላእን እዩ።

ብምይይጥ እተጀመረ ዕላል፡ ከይተፈለጠካ ናብ ክትዕ ጌሩ ከይሰዕረካ ኣመና ክትጥንቀቐሉ ኣለካ። ጉዳእ ርእሰኻ ኣብ ምርግጋጽ ሓያል ክትከውን ኣለካ። ከምቲ ንዓኻ ኣብ ገለ ጉዳያት ጽኑዕ መርገጺ ዘለካ፡ ንኻልኦት እውን ናቶም ጽኑዕ መርገጺ ከም ዘለዎም ኣብ ግምት ኣእትዎ። ከምቲ ብቐጸበት ዘይትቕበሎ፡ ብቐጸበት ድማ ኣይትንጽጎ። እቲ ምሳኻ ዝመያየጥ ዘሎ ሰብ፡ ገለ መርትዖ ሐዚኡ ብናቱ ከርናዕ ኣመለኻኽታ ይዛረበካ ከም ዘሎ ኣብ ግምት ኣእትዎ። ምናልባት ንሱ ኣብ ጌጋ ክሀሉ ይኽእል እዩ። የግዳስ፡ ግድን ከተኽብሮ ኣለካ።

ንድሕሪትን ንቕድሚትን እናተመላለስካ ተመያየጥ። “እዚ ዝበልካዮ ፈሊጠዮ ኣለኹ። ተረዲኡካ ኣለኹ፡ ….።” እንተ በልካ ዝሓሸ እዩ። ምስቲ ዓርክኻ ዘልዕሎም ነጥብታት ንኽሉም ከም ዘይትዝጽጎም ኣብ ግምት ብምእታው፡ ቅድሚ ዘይምስምማዕካ ምግላጽካ ዋጋ ሃቦም። “ጸቡቕ ነጥቢ እኮ ኢኻ ኣልዒልካ ዘለኻ፡ ይኹን እምበር …?” በሎ።

ነገራት ክረስኑ እንከለው፡ ተሰሉ ክትቁርጽ ኣይግባእን። ብምልምማድ፡ ንፍሲ ወከፍ ክትዕ ናብ ምይይጥ ንምቕያር ክትመሃሮ ትኽእል ኢኻ። ጸን ኢልካ ስማዕን ክትርዳእ ፈትን። ንድምጽኻ ኣህድኣ፡ “በጃኻ እስከ ንርትዒታትካ ኣቕርበለይ።” በሎ። ንኣቀራርባኻ እንተ ኣመሓይሽካዮ፡ ሓያሳቲ ዓርኩመሓዛት ንኽተጥሪ ዕድል ይረሓወልካ፡ ዝምድናታትካ ይዓምቑ ከምኡ እውን ብልቦና ትዓቢ።

ኣብቲ ንሽኻ ተካይዶ ምይይጥ ብዙሕ ግዜ ሰባት እተጠቕዑ ወይ እተከሻመሹ ኩይኑ ይሰምዖም ድዩ? ዕዉት ምይይጥ፡ “እቶም ብሓባር ርትዖም ዘቕርቡ ሰብ ጸቡቕ ድሌት ሰባት፡ ናብ ናይ ሓባር መደምደምታ ይበጽሑ።” ኣብ ትሕቲ ዝበል ብዚል እዩ ዝስላሰል።

እዚ ማለት፡

- ኣነ ኑቲ ካልእ ሽነኽ ክሰምዕ ድሉው እየ።
- ኣነ ኑቲ ሓቂ ክፈልጥ እደሊ እየ።
- ኑቲ መርትዖ ኣብ ግምት ከእትዎ እየ።
- ዋላ ኣቐንዛዊ ይኹን፡ ክልወጥ ባህጊ ኣለኒ።

ኑቲ ዓርኩመሓዘኻ ብኸመይ ናብዚ ርድኢት ከተምጽኦ ትኽእል? “ከምቲ ንሽኻ ኑቲ ሓቂ ክትፈልጦ እትደሊ፡ ኣነ እውን ኑቲ ሓቂ ክፈልጦ ደልየ ኣለኹ። ከምቲ ንሽኻ መርትዖ ከም ዘለካ እትሓስብ፡ ኣነ እውን መርትዖ ከም ዘለኒ እየ ዝሓስብ፡ ምእንቲ’ዚ፡ ሃዋ ሃጸጸርም። ኣነ ተጋግየ እንተ’ልየ፡ በጃኻ ኣርእየኒ። ኣነ ክልወጥ ባህጊ ኣለኒ። ኣእምሮኺ ወይ ተጸንበረኒ!” ኢልካ ኣዘናግዕ።

ሰባት ኣብ ክንዲ ኣብ መርትዖታት እኒድህቡ፡ ንሓድሕድና ናብ ምጥቅቓዕ ኢና እንህንደድ። ምስ ሓደ ተጻራፍን ተጻባእን ሰብ ኣብ ምይይጥ እንተ ኣቲኻ፡ ቀልጢፍካ’ም ኑቲ ምይይጥ ደው ኣብሎ። ክልቴኹም ናብ ምትሕብባር ተመለሱ። ብሓባር ኴንኩም ንመርገጺታትኩም ኣጽንዑ። ኑቲ ዝርርብ ናብ ርትዓዊ መዳይ ምለሶ። እንተ ዘይኩይኑ፡ ኣብ ኣፍትኩም መርገጺ ክትሸሉ ኢኹም። ምኽታዕኩም ከኣ ብላሽ ኩይኑ ክተርፍ እዩ። ኣብ ምይይጥ እቲ ቐንዲ መፍትሒ፡ ዳኛ እምበር ጠበቓ ዘይምዃን እዩ። ኣብ መንጎ ዳኛን ጠበቓን እንታይ እዩ እቲ ፍልልዩ? ጠበቓ ኣብ ጉድኒ እቲ ገዚኡ ዝኸፈሎ ኩይኑ እዩ ዝከታዕ። ዳኛ ግዱ ውድዓዊ ክኸውን እዩ ዝፍተን። ንኽልቲኦም ወገናት ብሓደ ዓይኒ ክጥምቶም ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንሱ ሓቂ ክፈርድ ትጸበት ይግበረሉ።

እቶም ከም ‘ጠበቓ’ ናብ ክትዕ ዝኣትዉ ሰባት፡ ኑቲ ምይይጥ ክዕወቱሉ ጥራይ እዮም ዝደልዩ። ንኣቶም ምናልባት ‘ደሰምዑ’ ይኾኑ፡ የግዳስ ናይ ብሓቂ ‘ኣየቕልቡን’ እዮም። ኑቲ ክቕልብሉ ዝደልዩ ጥራይ እዮም ዘቕልቡ።

ምስ እቲ ማኪናኻ ዘዐርየልካ ሰብ፡ ኣይተሰማማዕኩምን እሰከ ንበል። “ንሽኻ ንማኪናይ ተዐርየለይ ዘይኩንካ፡ ተፀንወለይ ኢኻ ዘለኻ!” ኢልካ እንተ ተቓዪቕካዮ፡ ጸቡቕ መልሲ ዝህበካዶ ይመስለካ።

“ዛ ጉሓፍ ማኪናኻ ሒዝካለይ እስከ ጥፋእ ካብዚ ጋራጀይ!” ኢሉ ክዕፍረካ ይኽእል እዩ።

እቲ ክኸውን ዝኽእሮ እምበኣር፡ ኑቲ ዘጋጠመ ዘይምቅዳው ብእወታዊ መንገዲ ሓሲብካ ምፍትሑ እዩ። እዚ ኸኣ ጭብጥ ዝኾነ መርትዖ ብምቕራብ ጥራይ እዩ ክፍታሕ ዝኽእል።

ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ዝያዳ ውሓለታት ክንኸውን ኣለና። ፍልይ ዝበለ ከኒታት ምብህሃል ክንፈጥር ይግባእ። ምስ ኣባላት ስድራና፡ ዓማዊልና፡ መሳርሕትና፡ … ዝኾነ ይኹን ጸገም ከጋጥመና ንቡር እዩ። ንኹሉ ጸገም ብድርቕናን ብሓይልን ክንፈትሖ ግዱ ንቡር ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኩሉ ግዜ ኣብ ጉድኒ ሓቂ ምዃን ጸቡቕ እዩ። የግዳስ ሓቂ ስለ ዝሓዝካ ጥራይ ንዓርኩመሓዘኻ ይኹን ካልእ ሰብ፡ ከም ሓሳዊ ገይርካ ከተቔናጽቦ ጸቡቕ ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ካልእ ማዘዘ ሒዙልካ እዩ ዝመጽእ።

ንሓደ ካብ እቶም ቀዳሞት ፈላስፋታት፡ ኣብ መጽናዕቱ ዝሕግዞ በሊሕ ዓርኪ ነይርዎ። ክልቲኦም ብሓባር ንሓያሎ ዓመታት ተመራሚሮም። ሓንቲ መዓልቲ ወዲ ዓርኩ ብሰሪ ሕማም ሞይቱ። ወዲ ፈላስፋ ኑቲ ሓዘን ምቕጻጻሩ ከቢድዎ። ተመሃሮኡ ከጸናንዕዎ ዘይከኣልዎ ጻዕሪ ኣይነበረን። “መምህር ኣይትጨነቕ። ምሳኻ ኣብ ምርምር ዝሕግዘካ ሓድሽ መሳርሕቲ ክንረኽበልካ ኢና – እቲ ሰብ ኣብ ከተማና ካብ ዝርከቡ ሊቃውንቲ እቲ ዝበለሐ እዩ።” ኢሎምዎ። ከምታ ቃሎም ከኣ ኣረኪቦምዎ።

ብድሕሪ ሓደት ሰሙናት ወዲ ፈላስፋ ናብታ ዝበራ ቅዛት ተመሊሱ። “መምህር ሕጂኸ ደኣ እንታይ ተረኺቡ?” ተመሃሮኡ ተገዲሶም ሓቲቶምዎ። “በሊሕ መሳርሕቲ ኣምጺእናልካ እንዲና! ስለምንታይ ሕጂኸ ጉሂኻ?”

እቲ ፈላስፋ፡ “ብርግጽ እዚ ዘምጻእኩምለይ ሰብ ምሁር እዩ። ግደ ሓቂ ንሱ እምብዛ በሊሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣነ ቅኑዕ ምህላወይ ንኸረጋግጽ 24 መንገድታት እዩ ዘቕርበለይ። ምስ እቲ ዝሞተ ዓርከይ ክመራመር እንከለኹ ግዱ ኣነ ጌጋ ምህላወይ ዘረጋግጹ 24 መንገድታት እዩ ዘቕርበለይ ነይሩ። ኣነ እምበኣር፡ ኣብዚ እየ ናፊቐዮ ዘለኹ። ኣነ ዝኸቕፈንን ዝሓትተኒን መሳርሕቲ እየ ዝደሊ ዘለኹ፡…” ኢልዎም።

ሃናጺ ነቐፌታ ናብ ዕቤት እዩ ዝመርሓና። ዕቤት ከኣ ተምሳጥ ህይወት እዩ። የግዳስ ነቐፌታ ንኽትቕበሎ መሪር ነገር እዩ። ገለ ሰባት ከይጋጽዩ ምሕር ስለ ዝፈርሑ፡ ዘይምዝራብ ይመርጹ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ናይ ልቢ ኣዕሩኽ ክረኽቡ ምሕር ኣጸጋሚ እዩ። ከይንገልፍ ኢልና ካብ ሰባት ክንሕድም ዘይኩነ ዘለና፡ ሃናጺ ነቐፌታ ሂቦም ዘዕብዩና ዓርኩመሓዛት ክንረክብ ኢና ሃሰው ክንብል ዘለና።

ዕቤት መብዛሕትኡ ግዜ ብናይ ጉጅሌ ዕዮ እዩ ዝመጽእ። ክንዲ ዝኾነ ንሓሳብካ ናብ ዕዳጋ ኣውርደዮ። ኮምፕዩተር፡ ኢንተርኔት፡ ቴሌፎን … ናይ ብዙሓት ብሉሓት ሰባት ኣእምሮታት እዮ ናብዚ ሕጂ በጺሖም ዘለዉ። ምዕባለ ክብ ኣቢልዎም። ዕዮኻ ቅኑዕ እንተ ኾይኑ ሓደት እዩ መኽሰቡ። የግዳስ ጌጋ ምህላውካ እንተ ተረጋጊጹ፡ ብዙሕ ኢኻ እትኸስብ – ሓቂ ስለ እትመሃር።

ሓቂ ዝእልሽ ሰብ ኩን። እዉ ቅኑዕ ነገር ክስርሕ ዝደሊ ሰብ ኩን። ብኸምዚ ኢኻ ምስ ካልኦት ሰባት ብእወታ ክትብሃሃል እትኽእል።

ስለምንታይ እዩ “ምስ ዓርኩመሓዛት ምስራሕ” መንገዲ ልቦና ዝኾነን?

# ዓርኩመሓዛት ዕድል ክፈጥሩልካ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ክንዲ ዝኾኑ ሽቶታት ህይወትካ ኣብ ምዕማም ዝሕግዙካ ቅኑዕ ዓርኩመሓዛ ምረጽ።
# ንሓሳብካ ካብኻ ንላዕሊ ውድዓውያን ምስ ዝኾኑ ሰባት ተመያየጠሎም።
# ናይ ቀረቡዓርከ መሓዛትካ ንሓሳብካ ከበራብርዎን ከስፍሕዎን ይኽእሉ እዮም።
# ኣብ ዓቢ ደረጃ ንኽትዕወትሕ፡ ናብኡ ንኽትዕወትሕ ሓገዝ ካልኦት ሰባት የድልየካ፡ ናይ ጉጅሌዕዮ የድልየካ።
# ብዓርኩመሓዛትን ኣከባቢን ትጽሎ ኢኻ፡ ንዓኣቶም ድሌት ልቦና እንተ’ልዩዎም፡ ንሽኻ ከኣ ልቦና ትደሊ።
# ብሓደ ኩይናም ርትዒ ከቕርቡ ሰናይ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት፡ ናብ ናይ ሓባር መደምደምታ ከም ዝበጽሑ ኣይትዘንግዕ።
# እቲ ቀዳማይ ሸቶ ኣብ ህይወት፡ ጉዳእ ርእሰኻ ምእራም እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ጌጋ ከይትፍጽም ኢልካ ኩቶ ኣይትኩረመ።

***“ህይወት ብዘይ ሕያዎት ዓርኩመሓዛት፡ ጭንይ እያ።” - ሳራ ደሰን***
***“ዓርከ ምሕዝኦት መጽሐፊ ገሪብ እዩ።” - ተይለር ከሰረድጅ***

**ይቕጽል**

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ሓንጎላዊ ልምሰት

ሰኽልና ዝተፈላለዩ ደረጃታት ሃልዩዎ፡ ብርቱዕ ቀሊልን ማእከላይን ክኸውን ይኽእል፡፡ ኣተኣላልያኡን ኣተሓሕዛኡን ደማ ከከም ኩነታቱ ክፈላለ ይኽእል፡፡ ሰኽልና ኣብ በበይኑ እዋናትን ግዜያትን ማለት ኣብ ህጻንነት፡ ኣብ ንእስነት፡ ኣብ ግዜ ዕብየትን እርጋንን ኪጋጥም ዝኽእል እዩ፡፡ ሰኽልና ባህርያውን ብልሓታውን ኮይኑ፡ እቲ ባህርያዊ ምስ ሰኽልና ምውላድ ወይ ደማ ብሕማማት ዝመጽእ ክኸውን ከሎ፡ ብልሓታዊ ከኣ ብሓደጋ ዝስዕብ እዩ፡፡ ሓንጎላዊ ልምሰት (Cerebral Palsy)፡ ሓደ ካብ ባህርያዊ ሰኽልና ኮይኑ፡ ጠንቁ፡ ጥንቃቐታቱን ኣተኣላልያኡን ዝምልከት ክንርኢ ኢና፡፡

ሓንጎላዊ ልምሰት ወይ ሰረብራላዊ መልመስቲ (ሰ.ፐ)፡ ሓደ ካብ ኣእምሮኣውን ምፅባኣውን ሰኽልና ኮይኑ፡ ንምንቅስቓሰን ኣቃውማ ኣካላትን ዝጸሉ ዓይነት ሰኽልና እዩ፡፡ እዚ ሰኽልና እዚ ብመልመስቲ ወይ መጉዳእቲ ሰረብረም (ንናይ ምንቅስቓስ ዝቈጻጸር ክፋል ሓንጎል) ዝበሃል ክፋል ሓንጎል ዝኸሰት ሰኽልና እዩ፡፡ መልመስቲ ሓንጎል ቅድሚ ሕርሲ፡ ኣብ ግዜ ሕርስን ድሕሪ ሕርስን ኪጋጥም ይኽእል፡፡

ዋላኳ ሓንጎል ዝተጎድአ ክፋል ሓንጎል ኩላዊ ዘይኽእል እንተኾነ፡ ካብ'ቲ መጀመርያ ዝበጸ ደረጃ መጉዳእቲ ግን እናበኣሰ ኣይከይድን፡፡ እንተኾነ ግን፡ ምንቅስቓሱ ኣካላዊ ኣቓውማን ምስ እዚ ዓይነት ሰኽልና (ሓንጎላዊ ልምሰት) ዝተሓሓዙ ካልኦት ጸገማትን ኣብ ኣተኣላልያ ናይ'ቲ ህጻን ብምምርኳስ ክመሓየሽን ክበኣስን ይኽእል፡፡ ንቑልዓ ዝዋገር ሓገዝ ብቕልጡፍ ምስ ዝጀምር ዝያዳ ወጽኢታውን ብዙሕ ምምሕያሽ ዘርእን ክኸውን ከሎ፡ ቅልጡፍ ኣቓልቦ ምስ ዘይውሃቦ ግን ቀንዲ ጠንቂ ኣካላዊ ሰኽልና ክኸውን ይኽእል፡፡

ኣብ ዝበዝሐ ክፋላት ዓለም እዚ ዓይነት ሰኽልና ጠንቂ ኣካላዊ ሰኽልና ምኳኑ ይሕበር፡፡ ብዝሓ ደማ ካብ ነፍሲ-ወከፍ 300 ዝውለዱ ህጻናት፡ ሓደ በዚ ዓይነት ሰኽልና ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ከምዘጋጥሞ ከምዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ፡፡ እንተኾነ ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ እዚ ኑቡሱ ምቈጻጻርን ምንቅስቓስን ከም ኩነታት ዓይነት ሰኽልና (ደረጃ)ን ግዜን ክመሓየሽ ወይ ክኸብድ ይኽእል፡፡ እዚ ማለት ዝፈኸሰን ቀልጢፉ ፍወሳ ዝጀመረን ዝሓሸን ዝቐልጠፈን ናይ ምምሕያሽ ተርእዮ የጋጥም፡፡

ኣእምሮኣዊ ልምሰት ብኸመይ ኽልዮ?

- እቲ ህጻን ምስ ተወልደ ሓኪም ከባ ወሉዲ ብሓንቲ ኢዶም ብኸብዱ ሓፍ ምስ ዘብልዎ ዘሎዛጥ ወይ ቁልዕጽጽ ይብል (ርእሱ ናይ ምልዓል ምልክት ኣየርኢይን)፡፡

- ውልድ ምስ በሉ ብግቡእ ኣየስተንፍሱን ወይ'ውን ምድንዃየት ኣብ ስርዓት-ምስትንፋስ ይፍጠር፡፡

- ጸጉም ኣብ ኣመጋግባ ይህልዎም፡፡ ንኣብነት ጡብ ኣደ ብግቡእ ክጠብው፡ ክውሕጡን ክሕዩኹን ኣይክእሉን፡፡

- ብተደጋጋሚ ይዕብሱን ደሰርቑን፡፡

- ዘይንቡር ሕብሪ ይህልዎም፡፡ ንኣብነት፡ ናብ ሰመያዊ ይኸይድ፡፡

- ካብ'ቶም ኣብ ከበባኦም ዘለዉ ህጻናት ወይ'ውን መሳቱኦም ኣብ ኮፍ ምባል፡ ምንፉሓኽ፡ ከካ ምንቅስቓስ ርእሲ ዝሕልታት የርእዩ ወይ'ውን ኣየማዕበሉን፡፡

- ነገራት ኣብ ምሓዝን ምጽዋትን ኣብ ክንዲ ብኽልተ ኣእዳዎም ክሕዙ ዝፍትኑ ብሓንቲ ኢዶም ጥራይ ይሕዙ፡፡

- ብሰንኪ ዘጋጥሞም ምጭውብባጥ ናይ ገጽን ኣእዳውን ጅማውትን ኣብ ምዝራብን ኣካላዊ ምልክትን ዝተሓተ ይኾኑ፡፡

- ምስ ሓንጎላዊ ልምሰት ዝውለዱ ህጻናት ሓራቓትን በኺያትን ወይ ደማ ብኣንጻሩ ኣዝዮም ልኡማት ይኾኑ፡፡


- ሃንደበታዊ ምቅይያራት ስምዒታት የርእዩ፡ ንኣብነት ካብ ሰሓቕ ናብ ብኽያት፡፡

- ዋላኳ በዚ ሰኽልና ዝተጠቕዑ ህጻናት ፍርቆም ኣእምሮኣዊ ዝሕታለ እንተለዎም፡ ብዝተፈላለየ ልምምድን ሓገዝን ክመሓየሹ ይኽእሉ፡፡

- በዚ ሰኽልና ዝተጠቕዑ ህጻናት ዝበዝሐ እዋን ጉዳይ ድርብ ሰኽልና ይኾኑ፡ ከም ናይ ምርኣይን ምስማዕን ጸገም፡ ህዋሳዊ ጸገም፡ ሕማም ምንፍርፋርን ካልእን ይጥቅዑ፡፡

ሓንጎላዊ ልምሰት ዘርእዮም ምልክታት፡ ካብ ቆልዓ ናብ ቆልዓ ክፈላለ ይኽእል፡፡ ብሓፈሻኡ ክርአ ከሎ፡ ሓንጎላዊ ልምሰት ብዘርእዮም ግበሪ፡ ምልክታት ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ሰለስተ ክኽፈል ይኽእል፡፡ ሓደ ቆልዓ ሓደ ዓይነት ሓንጎላዊ ልምሰት ክህልዎ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ዝበዝሐ ግዜ ግን ክልተ ወይ ሰለስቲኦም ዓይነታት ሓንጎላዊ ልምሰት ኣብ ሓደ ቆልዓ የጋጥሙ፡፡

1. ምድራቕ ጭዋዳታት፦ ቆልዑ ኣዝዩ ድሩቕ ወይ ዝተወጠረ ጭዋዳ ይውንኑ፡፡ ብሰንኪ'ዚ ደማ ገለ ክፋል ኣካላቶም ደረቕ ወይ ክንቀሳቐስ ዘይክእል ይኾኑ፡፡ ዘይምዕሩይን ዝሕተቱን ኣካላዊ ምንቅስቓሰውን ገለ ካብኦም ቀንዲ ምልክታት እዚ ዓይነት ሓንጎላዊ ልምሰት እዮም፡፡ ኣቀማምጣ ርእሲ፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ዘይንቡር ኣቓውማ ምሉእ ኣካላት እዩ፡፡





ማጠን ምውጣር ጭዋዳ እቲ ቆልዓ ኣብ ግዜ ሕርቃኑ፡ ሓገስ ወይ ዝተወሰነ ዓይነት ኣካላዊ ኣቀማምጣ ክጥቀም ከሎ ይውስኽ፡፡ ብርትዐ ወጥሪ ጭዋዳ ከኣ ካብ ቆልዓ ናብ ቆልዓ ይፈላለ፡፡

2. ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ - እዚ ዓይነት ሓንጎላዊ ልምሰት ዘለዎም ቆልዑ ኣእዳዎም ወይ ጭዋዳታት ገጾም ቅልጡፍን ሃንደበታውን ወይ ከኣ ዝሕተልን ፈለኽለኽ ዝበልን ዓይነት ምንቅስቓስ ይገብሩ፡፡ ኣእዳው ወይ ኣጻብዕቲ ኣእጋሩ ብዘይ ሓደ ምኽንያትን ብዘይ ድልየቱን ይንቀሳቐሱ፡፡ ዝተወሰኑ ክፋል ኣካላቱ ብግቡእ ክቈጻጸር ኣይክእልን፡፡ ከም ሳዕቤኑ ደማ ብተደጋጋሚ ክወድቕ ይርአ፡፡ ዝበዝሐ ምስ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝውለዱ ቆልዑ ንቡር ኣእምሮኣዊ ክእለት እኳ እንተለዎም ንምዝራብ ዘገልግሉ ጭዋዳታት ገጽ ብግቡእ ስለዘይንቀሳቐሱ ኣብ ምብህላልን ሓሳባቶም ኣብ ምግላጽን ክጸገሙ ይርአዩ፡፡

3. ትሑት ምቁጽጻር ሚዛን ኣካላት፡ - ትሑት ምቁጽጻር ሚዛን ኣካላት ዓይነት ሓንጎላዊ ልምሰት ዘለዎ ቆልዓ፡ ኮፍ ምባልን ደው ምባልን ክጅምር ይጸገም፡፡ ብተደጋጋሚ ይወድቕን ኣእዳዉ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣይክእልን፡፡

ምስ ዝኾነ ካብ'ዞም ልዕሊ ኢሎም ዝተጠቕሱ ዓይነት ሓንጎላዊ ልምሰት ዝውለዱ ቆልዑ፡ ኣብ መጀመርያ ኣዋርሕ ድሕሪ ምውላዱ ዘሎ ግዜ ኣካላቱ ልምሉምን ዝተዓኾለለን ክኸውን ከሎ፡ ምድራቕ ጭዋዳ ወይ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ቀስ ብቐስ እናተጋህደ ይመጽእ፡፡ ወይ'ውን ኣብ ዝተወሰነ ዓይነት ኣካላዊ ኣቃውማ ልምሉም ክኸውን ከሎ ኣብ ካልእ ከኣ ደረቕ ይኸውን፡፡ ንኣብነት ቆልዓ ርእሱ ንድሕሪት ኣብ ዘንቃዕርረሉ ኣካላቱ ክነርርን ጭዋዳታቱ ክወጥርን ከሎ፡ ርእሱ ንቕድሚት ክደፍኦ ከሎ ደማ ልምሉምን ዝተዓኾለለን ይኾኑ፡፡



ጠንቅታት ሓንጎላዊ ልምሰት፦ ቀጥታዊ ጠንቂ ኣእምሮኣዊ መልመስቲ፡ መጉዳእቲ ወይ መልመስቲ ሓንጎል ኮይኑ፡ ብጸሩር ክተለልዮ ግን ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ፡፡ እንተኾነ ግን ካብ'ቲ ዘርእዮዎ ሳዕቤናት ብምብጋስ፡ ደፋእቲ ረቛሒታት ምጥቃስ ይከኣል፡፡ ስለዚ መታን ሓፈሻዊ ስእሊ ክህልወ፡ ክኢላታት ብኸምዚ መንገዲ ይገልጽዎ፡፡

ሀ. ኣብ ግዜ ጥንሲ.

- ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሲ ረኽሲ ከስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት ከም ንፍዮ ምስ ትልክፍ

- ኣደ ምምራዝ ደም ምስ ዘጋጥማ

- ፈተነ ምስዓድ ጥንሲ

- ኣብ ከብዲ ኣደ ዘሎ ዕሸል ንኣልኮላዊ ማስቲ፡ ድራግ፡ መርዝን ምስ ዝቃልዑ

- ጥንሲ ትሕቲ ዕድመ ዕሸል

ለ. ኣብ ግዜ ሕርሲ.

- ዋሕዲ ኦክሲጂን ኣብ ግዜ ሕርሲ፡፡ ቈልዓ ውልድ ምስ በለ ብቕልጡፍ ምስትንፋስ ምስ ዘይጀምር ወይ ኣብ ክሳዱ ዕትብቲ ተጠምጢምዎ ምስ ዝውለድ፡፡

- ዝተናወሐ ጻዕሪ ዝበዝሖ ሕርሲ

- ኣብ ዘይመዓልቱ ዝተወልደ ህጻን

ሐ. ድሕሪ ሕርሲ.

- ኣዝዩ ብርቱዕ ረስኒ

- ረኽሲ ሓንጎል ዘስዕቡ ሕማማት ከም ኣንቅጺ

- መጉዳእቲ ርእሲ

- ዋሕዲ ኦክሲጂን፡ ብሰንኪ ምጥሓል ኣብ ቀላያት፡ ምምራዝ ከቡብዮዊ ኣየር

- መድመይቲ ወይ ምዕጋት ደም ኣብ ሓንጎል

- ኣብ ሓንጎል ብሰንኪ ዝወጽእ ጥረን ካልእን ምጥቃስ ይከኣል፡፡

ኣእምሮኣዊ መልመስቲ ክፍወሱ ዝኽእሉ ዓይነታት መድሃኒት ወይ መጠጠንቲ ኣለዉ? ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኣእምሮኣዊ መልመስቲ ወይ መጉዳእቲ ሓንጎል እዩ፡፡ ሓንጎል ዝተጎድአ ክፋል ሓንጎል ደማ መድሃኒት ብምጥቃም ኩላዊ ኣይክእልን እዩ፡፡ ኑየም ብሰንኪ ኣእምሮኣዊ መልመስቲ ዝስዕቡ ተወሳኺ ጸገማት ንምቅላል ተባሂሎም ዝወሃቡ መድሃኒት'ውን ኣተዓራሪ ወጽኢት ኣይሃቡን፡፡ ብዘይካ ሕማም ምንፍርፋር ንምቁጽጻር ዝወሃብ ዓይነታት መድሃኒት፡ መድሃኒት ምውሳድ ብዙሕ ሓጋዚ ኮይኑ ኣይተረኽበን፡፡ ሓደ ሓደ ንምውጣር ጭዋዳታት ክሕዩ ተባሂሎም ዝወሃቡ ኣፋውስ ተወሳኺ ጸገም ከስዕቡ ይኽእሉ ከምዝኾኑ ክኢላታት ይሕብሩ፡፡ ሚዛን ኣካሉየም ክቈጻጸሩ ዘይክእሉ ቆልዑ ምሕጋዝ ተባሂሉ ዝግበር መጠጣትቲ ዝበዝሐ እዋን ወጽኢታዊ ኮይኑ ኣይተረኽበን፡ ፈተነታት ካብ ምክያድ ግን ኣቋረጹ ኣይፈልጥን፡፡ መጠጣትቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ክግበር ምስ ዝድለ ግን ምስ ክኢላታት ሕክምና ምምኽኻር ኣድላዪ እዩ፡፡

ክንዲዝኾነ ኣለይቲ ምስ ሓንጎላዊ ልምሰት ዝውለዱ ቆልዑ ኣብ ምሕጓዞምን ምምዕባሎምን እወታዊን ዓቢን ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ፡፡ ቆልዑ ዘይተጎድአ ክፋል ሓንጎሎም ንኽጥቀሙሉ ክለማመድዎ ይኽእሉ፡፡ ልዑል ኣእምሮኣዊ ክእለት ዘለዎም ቆልዑ ቀልጢፎም ክመሃሩን ክምዕብሉን ዝኽእሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ብሰንኪ ዝሰምዖም ጸቕጥን ተስፋ-ምቁራጽን ግን ክድንጎዩ ይኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ እናዘኻዀ ብዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ክምሃርዎም ይኽእሉ፡፡ ትሑት ኣእምሮኣዊ ክእለት ዘለዎም ቆልዑ'ውን ኑየም ቀሊልትን ማሰረታውያንን ክእለታትን ዝተፈላለዩ ኣገባባትን ብምጥቃም ክምሃርዎም ክኽእሉ ኣለዎም፡፡ ብሓፈሻኡ ኣካላዊ ምንቅስቓሳቶም ማዕልታዊ ንጥፈታትን ከማዕብልሎም ዝኽእሉ መደባት ብምስራዕ ክመሃሩ ዝኽእሉ ባይታ ክፈጥረሎም ይግባእ፡፡ ብዘለዉ ደማ ኣለይቲ ኣብ ክንዲ ኩሉ ንቈልዑ ዝድልዮም ነገራት ባዕሎም ዝገብርዎ፡ ቆልዑ ብገዛእ ርእሶም ክገብርዎ ምትብባዕ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ዋላኳ ሓንጎላዊ ልምሰት፡ ብሕክምና ክፍወስ ዝኽእል ዓይነት ሰኽልና ኣይኮነ፡ ኣቐዲምካ መሰረታውያንን ኣገደስቲን ጥንቃቐታት ብምግባር ተርእዮታት ንምጉዳል ጻዕርታት ወይ ስጉምቲታት ምውሳድ ይከኣል እዩ፡፡ ንኣብነት፦

- ኣደ፡ ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዝተመጣጠነ መግቢ ክትምገብ ኣለዋ

- ምቁጽጻር ጥንሲ ትሕቲ ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ

- ኣብ ግዜ ጥንሲ ብሓኪም ዘይተኣዘዘ መድሃኒት ዘይምውሳድ

- ኣብ ግዜ ጥንሲ ስሩዕ ሕክምናዊ ክትትል ምግባር

- ኣብ ግዜ ሕርሲ ንምቅልጣፍ ተባሂሉ ኣንጻር ማህጸን ብሓይሊ ዘይምድፋእ

- ንህጻን ጸባ ጡብ ኣደ ምምጋብ

- ንኣደን ህጻንን ስሩዕ ክታብት ምሃብ

- ንቈልዑ ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ

- ምልክታት ሕማም ኣንቅጺ ምፍላጥን ምስ ዘጋጥም ቅልጡፍ ፍወሳ ምርካብን

- ብርቱዕ ረስኒ ወይ ወጽኣት ምስ ዘጋጥም ንቈልዓ ብዙሕ ፈሳሲ ምሃብ፡፡ እዚ ከኣ ብሰንኪ ብርቱዕ ረስኒ ኪጋጥም ንዝኽእል መጉዳእቲ ሓንጎል የጉድል፡፡

ጸጋይ መሴ

ኣሃዱ ጉዳይ ሰኽኣላን


### ሎሚ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:30 | ህርመት |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:30 | ማእገር 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር 2ይ ክፋል |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜናትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜናዓረብ |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም - ማስተርዥር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Metallurgist Specialist**

   **Department: Process Plant**
   **Number required: One (01)**

### Primary Purpose

- The Metallurgical Specialist will be responsible for driving up the 2.9Mtpa expansion project, increase plant knowledge of the Research and Project Metallurgists as well as assist with training any new GET engineers to the department.
- The role will also be responsible for advising on metallurgical project implementations, plant trials, and implementing new technologies in the mill.

### Essential Functions

- The essential function is to coach, mentor and train all National Metallurgical Engineers and Technicians on optimizing plant production, quality, project implementation, research of new technologies from testing through implementation.
- The Specialist will also provide a senior review and check of all work for accuracy, professionalism, and adherence to proper engineering principles.

### TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS

### Planning

- Develop, implement, and maintain safe work procedures and promote safety, health and environmental awareness.
- Monitor the metallurgical systems and business processes, identify and prioritise improvement opportunities and formulate alternatives and improvements to systems and methods.
- Develop continuous improvement targets for the plant and drive and measure achievement of these targets. Including H&S and Environmental improvements in the process plant.
- Develop plans to integrate metallurgical data from the laboratory test work and processing operations into the geological data generated through the grade control process. Coordinate the mine-to-mill process from a deviation perspective.

### Implementation

- Advise on the daily operating strategy, designed to give operating guidelines for the operations team
- Review the "Change Management" process for the department, ensuring all changes made are justified, documented and communicated professionally and follow engineering principals.
- Assist in investigations for deviations in plant performance by carrying out plant surveys; detailed metallurgical laboratory testing and coordinating analysis of samples by external service providers.
- Help drive continuous improvement and Process Plant optimization projects with the aim of improving metallurgical results and reducing operating cost.
- Coordinate process control strategies necessary for optimization of unit operations to meet or exceed targets.
- Drive continuous improvement projects including the application for capital projects which have been researched and tested and which make good financial sense.
- Coordinate with industry professionals to test, improve and implement the best technology for the processing plant.

### Monitoring/Measuring

- Communicate progress and results through use of Gantt charts and formal reports/presentation.
- Responsible for accuracy and quality of all metallurgical reports
- Develop a clear and concise reporting system to track all projects and initiatives.
- Follow-up with metallurgical staff on defined mentoring goals and timelines on a regular basis.
- Assist on team evaluations and performance reviews.

### Mentoring/Coaching

- Mentor all metallurgical staff on the business goals and directives to achieve quality, quantity, and professional deliverables.
- Lead the efforts of instilling a strong environmental, safety and health culture, in all actions. Conduct any necessary audits, report, and resolve any incidents actions identified.
- Ensure "competency training & development" plans are in place for all staff and followed. Report on progress.

### UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Degree in Metallurgical/ Chemical Engineering or related field | ○ Metallurgist with 10+ years' experience in processing environment, Research and Project Metallurgy a plus, Gold experience a plus |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate), Understanding relevant policies, Attention to detail, Analytical skill, Safety and environmental skills, Problem solving skill, Metallurgical/ Chemical Engineering experience, Current with industry technology | ○ Communication (English), Team Player, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, Self-motivation, Decision Making |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Artisan Auto Electrician**

**Department: Mining**
**Number required: One (01**

**Primary Purpose**

- To attend to all electrical related issues on underground mining equipment.
- Diagnose and replace faulty electrical and electronic systems, units and components of machinery and equipment.
- Inspect electrical systems, equipment, and components to identify hazards, defects and the need for adjustment or repair, and to ensure compliance with codes.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Equipment availability**

- To attend to all electrical related issues on mining Underground machinery
- To plan for spares requirement pertaining to electrical circuits and repair works
- To receive general supervision through inspection of work for compliance with directions, plans and/or specifications.
- Actively work in the fields and ensure relevant Safety, Mining and other Statutory Codes and Regulations remain in full compliance, ensures safety at each workplace.
- Inspect electrical systems, equipment, and components to identify hazards, defects and the need for adjustment or repair, and to ensure compliance with codes.
- Efficiently perform preventive, breakdown, project, refurbishment repairs and assign electrical maintenance staff according to work requirements and priorities.

**Reports**

- To report all major defects to either the site Foreman or Site Supervisor.
- To ensure that all relevant documentation (work order, Operator/ Mechanical/ productivity checklists) is complete as per requirement
- Injury prevention to self/others and safeguard company property
- To ensure that all tools, workshop facility and equipment are used correctly and kept in good working condition
- To report on incident/accidents damage caused by the client
- Work shift rosters as required.

**Preventive Maintenance**

- Perform periodical and scheduled inspection programs to maintain BMSC assets according to established mine maintenance and engineering standards.
- Perform Root Cause Analysis of failures.
- Execute planned jobs according to priorities and the availability of equipment and in accordance with BMSC Work Management Practices.

**Health, Safety and Environment**

- To conduct and attend SHEQ talks at the start of the shift and Actively promote Safety culture and Hazard awareness and good attitude to work.
- Ensure excellent House Keeping in all areas including, working tools and workshop equipment.
- To report all incident/accidents to the immediate supervisor
- Employees to protect their own health and safety
- Ensure relevant Safety, Mining and other statutory Codes and Regulations remain in full compliance at the workplace

**Additional Duties**

- To perform other related work as assigned.
- To be available 24/7.

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Auto Electrical Technician Part II, III/ HND Electrical & Electronic Engineering or related qualification from a recognized institution.<br>○ Grade 12 Certificate<br>○ Craft certificate in Auto / Power Electrical or equivalent | ○ Minimum of 5 years of experience in mining maintenance field, including 3 years of experience on underground equipment such as drill rigs, loaders, dump trucks, and other supporting machinery.<br>○ Ability to distinguish colors used in colour-coding harness and electronic components.<br>○ Ability to identify electrical problems and apply diagnostic methods to achieve satisfactory results.<br>○ Proven ability to read and interpret standard electrical blueprints, schematics, technical drawings, parts books, and service manuals (including specifications).<br>○ Ability to identify, organize and use resources effectively to complete tasks with due regard to cost, quality, safety, and environmental impact.<br>○ Possess a valid Driver's License with good defensive driving skills |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Ability to assess risk and diagnostically gather information. Results orientated.<br>○ Attention to detail and planning skills.<br>○ Good written and oral Communication skill in English | ○ Accept responsibility for work of self and others.<br>○ Work reliably and effectively without close supervision, to the appropriate codes of practice<br>○ Extensive knowledge of site safety, health and environmental regulations pertaining to electrical maintenance in a mining environment. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## መረብ ስቲት መሰልጠኒ ማእከል - ዝተፈላለዩ ዓይነት ስፖርት. . .

መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ጽምብል ዝኽሪ መበል 34 ዓመት ስርሒት ፈንቅል ኣተኣሳሲሩ መውዳደሪ መሐንበሲ ዓብ ዓሽራ ባጽዕ ብምሕዳስን ብምጽጋንን ንመመረቕታ ኣብጺሒሑ ምንባሩ ይዝከር። ኣብቲ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ቀላቲን ካልኦት ሰበ ስልጣን መንግስትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽቡሉ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡



ኣቶ ተወልደ ተስፋጋብር

ዝተፈላለዩ ምርኢት ምሕንባስ ተኻይዶም ነይሮም'የም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ወናኒን ኣካያዲን መረብ ስቲት መሰልጠኒ ማእከል ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ዝ. መውዳደሪ ቦታ ናይ ምሕዳስ ተበግሶ ምውሳዱ ክምስገን ከም ዝግብኦ ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ኣብዚ ቦታ ዝፈረዩ መንእሰያት ስሞምን ስም ሃገሮምን ንምጽዋዕ ከም ዝበቕዑ ዘጠራጥር ከም ዘየለ ኣብነታት ብምስናይ ኣብሪሁ። ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና ነቲ ተበግሶ ብምንኣድ፡ ምምሕዳር ዞባ ኣብ ምዕዋት እዚ ዓይነት ስፖርት ኩሉ ምትሕብባር ከም ዘካይድ ኣፍሊጣ።

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ምስ ወናንን ኣካያድን መረብ ስቲት መሰልጠኒ ማእከል ኣቶ ተወልደ ተስፋጋብር ዕላል ኣካይዳ ነይራ። ምሉእ ትሕዝቶኡ ሰዒቡ ይቐርብ።

***ሕቶ፡ ናይ ስፖርት ድሕረ ባይታኻ ከመይ እዩ ዝመስል?***

ኣቶ ተወልደ፡ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናይ ናጽነት'የ ኣብ ስፖርት ክሰጥፍ ጀሚረ። ኣብ 1994/95 ምስ መሰረትቲ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ክለብ ኣሰቡ ነይረ'የ። ጸኒሐ'ውን ናብ ባርነቱ ብምኻድ 'ስቲት" ትብል ናይ ኩዕሶ እግሪ ጋንታ ብምሓዝ ክሰርሕ ጀሚረ። ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብቲ ዞባ ንዘሎ ዕቑር ሃብቲ ኣትሌቲክስ ብምስትብሃል ናይ ኣትሌቲክስ ክለብ ክሕዝሎም ምስ ሓበረኒ ከኣ ነቲ "ስፖርት ካብ ህዝቢ ንህዝቢ" ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ ንምትግባር ኣብ 1997 መረብ ስቲት ትብል ናይ ኣትሌቲክስ ጋንታ መስሪተ። ዓበይቲ ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ድማ ከፍሪ ክኢለ። ኣብ 2016 ነቲ ስራሕ ብምስፋሕ ኣብ ከተማ ባጽዕ ናይ ምሕንባስ ክለብ ድሕሪ ምምስራተይ ከኣ ኣብ 2018 ናይ ኩዕሶ እግሪ ጋንታ ወሲኸ። ብሓፈሻኡ ኣብዚ እዋን ናይ ኣትሌቲክስ፡ ምሕንባስን ኩዕሶ እግርን ጋንታታት ሒዘ ኣብ ስፖርት ይሰጥፍ ኣለኹ።

***ሕቶ፡ ብኸመይ ኢኻ ናይ ምሕንባስ ክለብ ክትምስርት ወሲንካ?***

ኣቶ ተወልደ፡ እዚ ምስ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ተኣሳሲሩ ዝቐድድ ናይ ፍርቂ ማራቶን ውድድር ፈለማ ክጅምር ከሎ ብዘውዳደርቲ ኣትሌታት ናይ መረብ ስቲት'ዩ ጀሚሩ። ነቲ ውድድር ኣልና ናብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ንኸደሉ ዝበርና እዋን ድማ ምስ ዘለና ሃብታም ባሕሪ ዝያዳ ክላለ ዕድል ረኺበ። ኣብዚ ቦታ ዝነብሩ ህጻናት ሓደ ናይ ምሕንባስ ፕሮጀክት ወይ ወፍሪ እንተደኣ ተገይሩሉም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ስሞምን ስም ሃገሮምን ከጸውዑ ይኽእሉ እዮም ኢለ ክሓስብ ጀመርኩ። ስለዚ እዞም ህጻናት ብመልክዕ ግራስ ሩት ተታሒዞም ቴክኒካውን ኣካላውን ልምምዳት ዝገብሩሉ ባይታ ክፈጥር ኣለኒ ኢለ ብምሕሳብ ምስ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተሰማሚዐ ነታ ክለብ መስሪተያ። ዋላኳ ከምቲ እንደልዮ ኣይኾኑን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከኣ ኣብዚ መሰልጠኒ ማእከል ዝለማመዱ ኣትሌታት ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ዘተባብዕ ወጽኢት ከምጽኡ ክኢሎም ኣለው።

***ሕቶ፡ ኣብዚ ማእከል ናይ ምሕንባስ ዘለዉ ሓንበስቲ ሃቢት እንታይ ወጺኢት ኣመዝጊቦም ኣለዉ?***

ኣቶ ተወልደ፡ መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል ናጻ ምሕንባስ ኣብ 2016 እዩ ብጠለብ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ቆይሙ። ክሳብ ሕጂ ድማ ብዘይምቁራጽ ብምስልጣን እወታዊ ወጽኢት የምጽእ ኣሎ። ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት ሓንበስቲ ናይዚ መሰልጠኒ ማእከል 39 ወርቂ 25 ብሩርን 34 ነሓስን መዳልያታት ክዓትሩ በቒዖም ኣለዉ። ኣብ ክልተ ኣህጉራዊ ውድድራት ድማ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደዮም ተጻዊቶም እዮም። ሓንበስቲ ሰለሙን እዮብን ነጅብ በየንን ኣብ ሞርጦ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ኣብ ኣቡዳቢ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ምሕንባስ ዓለምን ተወዳዲሮም ተስፋ ዝህብ ወጽኢት ሒዞም ናብ ሃገሮም ከም ዝተመልሱ ኣይርሳዕን። ሕጂ'ውን እቶም ሓንበስትና ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ውድድራት ብሉጽ ወጽኢት ንምምዝጋብ ኣብ ከቢድ ጻዕሪ እዮም ዝርከቡ ዘለዉ።

***ሕቶ፡ ራእይ፡ ተልእኾን ዕላማን መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል ናጻ ምሕንባስ እንታይ'ዩ?***

ኣቶ ተወልደ፡ እቲ ቀንድን ዝዓበየን ራእይና "ብምሕንባስ ዓለምለኻዊ መስፈርቲ ዘማልኡ ፕሮፈሽናላት ኣትሌታት ምፍራይ" ዝብል እዩ። ኣብ ውሽጢ እዚ መሪሕ ዕላማና ከኣ ካብ 50 ሜትር ክሳብ 10 ኪሎሜትር ዝሕንብሱ መንእሰያት ምስልጣኑ፡ ሓንበስትና ብቑዓትን ተወዳደርትን ንክኾኑ ኣካላዊ፡ መንፈሳውን ኣካዳሚያውን ዕብየት ንኽእልዎም ምኽሳቦም፡ ናብ ፕሮፈሽናላት ሓንበስቲ ንኽበጽሑ ምሕጋዝ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣህጉራዊ መለክዒታት ዘማልአ ናይ ምሕንባስ መሰልጠኒ ማእከል ምህናጽ ከም ቀንዲ ዕማምና ገይርና ንሰርሓሉ ኣለና። ጸቡቕ ተስፋታት ንረኽበኳ እንተሃለና ኣብቲ ንደልዮ ዕላማ ንምብጻሕ ግን ከቢድ ስራሕ ይጽበየና ከም ዘሎ ርዱእ'ዩ።

***ሕቶ፡ ኣብ ጽምብል ዝኽሪ መበል 34 ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንመወዳደሪ ቦታ ዓብ ዓሽራ ናይ ምሕዳስን ምትዕርራይን ሓላፍነት ወሲድኩም ክትሰርሑ ድሕሪ ምጽናሕ ነቲ ቦታ ኣመሪቕኩም ኣለኹም። ንምንታይ ዕላማ'ዩ እቲ ናይ ምትዕርራይ መደብ ተኻይዱ?***

ኣቶ ተወልደ፡ እዚ ምስ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምርድዳእ ሓላፍነት ዝወሰድናሉ ስራሕ ብዓቢኡ ደረጃ ዘለዎ ናይ መወዳደሪ ቦታ ንምህናጽ'ዩ። እዞ ቦታ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ንዞባዊ፡ ሃገራውን ግጥማት ሓይልታት ምክልኻልን ብዘይ ዝኾነ ጸገም ከገልግል እዩ። ቅድሚ ሎሚ ሓንበስትና ኣብ ሬድሲ ሆቴልን ኣብ ዳህላክ ሆቴልን እናተኻረዩ እዮም ንጥፈታቶም ከካይዱ ጸኒሖም። ንሕና ብወገንና ሓደን ናይ ሓዋሩን መውዳደሪ ቦታ ክህልወና ካብ ዝነበረ ዕላማ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ መሐንበሲ ምሉእ ምትዕርራይ ገይርናሉ ኣለና። ሓንበስቲ መረብ ስቲት ኣብዚ ቦታ ግቡእ ልምምድን ስልጠናን እናወሰዱ ንኽልኣት ኣብነት ዝኾኑሉ ኩነታት ከም ዝፍጠር ከኣ ዘጠራጥር የለን።

***ሕቶ፡ ገለ ካብቲ ዝተገበረሉ ምትዕርራያት እንታይ ይመስል?***

ኣቶ ተወልደ፡ ሊይትን ቀትርን ብዘይዕረፍቲ ብምስራሕ ኢና ዝ. ናይ ምሕዳስ ዕማም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ወዲእናዮ። ምናልባት ንኹሉ ኣብዚ ክገልጾ ክከውሓና'ዩ። ብሕጽር ዝበለ ግን እዚ መውዳደሪ ቦታ ቅድሚ ሕጂ ምስ ምልኣት ባሕሪ ተኣሳሲሩ'ዩ ንውድድር ድሉው ዝኸውን ነይሩ። ማለት ባሕሪ ምስ ዝገደሸ ክትሕንብሰሉ ዝከኣል ኣይነበረን። ሎሚ ግን ማይ ዝዕቅበሉን ማይ ዝሰደሉን ኣገባብ ተገይሩሉ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ንኽትሕንብሰሉ ድሉው ኮይኑ ኣሎ። ኣፍቀርቲ ውድድር ምሕንባስ ኮፍ ኢሎም ውድድር ዝዕዘቡሉ ጽላል'ውን ሂጽና ኣለና። ብሓፈሻኡ ምሉእ ምትዕርራይ ኢና ገይርናሉ ዘለና። ካብ ዝዓበዩ ክሳብ ዝኣሱ እዚ ስራሕ






ንኽዕወት ኢዶም ዝሃቡ ኩሎም ኣካላት ከኣ ልዑል ምስጋና ከቕርብ ይደሊ።

***ሕቶ፡ መጻኢ መደባትኩም እንታይ'ዩ ዘሎ?***

ኣቶ ተወልደ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ዘለና ጸጋታት ባሕሪ ብዝለዓለን ብዝሓየለን ክንጥቀመሉ ክንጽዕር ኢና። ዝ. ንምብጻሕ ብዓቢኡ ኩሉ ዘማልአ መሰልጠኒ ማእከል ክንሃንጽ ኣለና። ቀጻልነት ንምውሓስ ተካእቲ ዝኾኑ ሓደስቲ ናይ ግራስ ሩት ሰልጠንቲ ሒዝካ ምስልጣን'ውን ከድልየና እዩ። ዓለምለኻዊ መስፈርቲ ኣትሌታት ምምላእን ምዕቃብን ከምኡ'ውን ኣብ ዝመጽእ ዓለምለኻዊ ውድድራት መዳልያ ምዕታር ድማ ካብ ቀንዲ ናይ መጻኢ መደባትና እዮም።

***ሕቶ፡ ብዘይካ ኣብ ምሕንባስ ኣብ ኣትሌቲክስን ኣብ ኩዕሶ እግርን'ውን ከም ትጥምቱ ቀዲምካ ገሊጽካ ነይርካ። ዝረኸብኩምዎ ወጽኢት ከመይ ይመስል?***

ኣቶ ተወልደ፡ ኣብ ኣትሌቲክስ ዝተመዝገበ ዓወት ክንዘርዝር ብዙሕ ግዜ ከድልየና እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት እዚ ክለብ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራውን ኣህጉራውን ውድድራት ዓበይቲ ዓወታት ኩሓፍስ ስለ ዝሸኣሉ። ዝበዝሑ ኤርትራውያን ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት በዚ ማእከል ዝሓለፉ እዮም። መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል ኣብ ኣትሌቲክስ ካብ 2000 ክሳብ 2023 ኣብ ዝበረ 23 ዓመታት ኣብ ሃገራዊ ውድድራት 398 ወርቂ 396 ብሩር 346 ነሓስ መዳልያታት ክረክብ ከሎ 60 ከኣ ዓበይቲ ዋናጩ ወሲዱ። ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ድማ እዚ ክለብ 19 ወርቂ 11 ብሩርን 8 ነሓስን መዳልያታት ጨቢጡ ኣሎ። ኣባላት ናይዚ መሰልጠኒ ማእከል ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደዮም ዘመዝገብዎ ዓወታት'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ንገለ በዚ ማእከል ካብ ዝሓለፉ ንኦሎምፒካውያን ኣትሌታት የናስ ክፍሌ፡ ናዝራት ወልዱን ራሄል ዳኒኤልን ምጥቃስ ይከኣል እዩ።


***ሕቶ፡ ብዛዕባ መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል ግራስ ሩት ኩዕሶ እግርከ እንታይ ትብለና?***

ኣቶ ተወልደ፡ መረብ ስቲት ኣካዳሚ ኩዕሶ እግሪ ካብ 2018 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ንሽዱሽተ ዓመታት ብዘይምቁራጽ ኣብ ምዕባለ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ እጃሙ ንምብርካት ኣብ ሓያል ስራሕ'ዩ ተጸሚዱ ዘሎ። ኣሰታት 30 ዝኾኑ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ብፕሮጀክት ግራስ ሩት ኣብዚ ማእከል ድሕሪ ምስልጣኖም ኣብዚ እዋን ምስ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ክለባት ቀዳማይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል ይጻወቱ ኣለዉ። ኣብ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ውድድር ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ኮይኑ ዝተሸለመ ተመስገን ተስፋይ ኣብዚ መሰልጠኒ ማእከል'ዩ ተመልሚሉ። ብሓፈሻኡ እዚ ማእከል፡ 14 ተጻወትቲ ንሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ከም ዘምረጸ ክሕበር እፈቱ።

***ሕቶ፡ ኣብ መወዳእታ ተመሓላልፎ መልእኽቲ?***

ኣቶ ተወልደ፡ መረብ ስቲት ስፖርት መሰልጠኒ ማእከል ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓመታት ዓበይቲ ዓወታት ንኽመዝግብ ክይተሓለሉ ንዘሰርሑ ኣባላት ቦርድ፡ ኣሰልጠንቲ፡ ሓካይም፡ ስፖርተኛታትን ካልኦትን ከመስግን እደሊ። ካብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ጀሚርካ ንኹሎም ኣብ ስራሕና ዝተሓባበሩና ትካላት መንግስትን ውልቀ ሰባትን'ውን ከመስግን እደሊ። ኣብ መወዳእታ ከኣ እዚ መሰልጠኒ ማእከል ብኽልተ እግሩ ደው ንኽብል ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ሓገዙ ከበርክት እላቦ። ምኽንያቱ እቲ ክመጽእ እንጽበዮ ዘለና ዓወት ናይ ኩላትና ሓላፍነት ስለ ዝኾነ።





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “መሲ፡ ኣብ ኦሎምፒክ ክጻወት ማዕጾ ክፉት እዩ” ኣሰልጣኒ ኣርጀንቲና

ሊዮነል መሲ፡ ኣብ ኦሎምፒክ 2024 ንሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ክጻወተላ ማዕጾ ክፉት ምዃኑ፡ ኣሰልጣኒ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት እታ ሃገር ጃቪየር ማሸራኖ ገለጸ።

ኣርጀንቲና፡ ዝሓለፈ ሰዓበት ኒታ ናይ ኦሎምፒክ 2020 ዕውትቲ ከዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዝበረት ማዛናኣ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል 1-ብ0 ብምስዓራ፡ ህላውነታ ምውሓሳ ይዝከር። መሲ፡ ድሕሪ'ዛ ዓወት ብመገዲ ናይ ኢንስታግራም ሕሳብ ኣብሉ “ቫሞስ” ማለት “ንኺድ” ብምባል ከኣ፡ ንምሕላፍ ሃገሩ ብማዕዶ ጸምቢልዎ ነይሩ።

ነዛ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ጋንታ




ዝዕልማ ዘሎ ማሸራኖ፡ ኣብቲ ውድድር መሲ ክሳተፍ'ዩም ድሌቱ ምዃኑ የረድአ። “ምስ መሲ ዘሎ ዕርክነት ኩሉ ሰብ ይፈልጦ እዩ። ከምኡ ዝኣመሰለ ተጻዋታይ ኣብቲ ውድድር ክሰትፍና ማዕጾ ክፉት እዩ። ብርግጽ ንሕና ኩሉ ኣብኡ ምተመርከሰና።” ኢሉ - እዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ሲቲን ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲናን። ኣብ ኦሎምፒክ ዝሳተፉ ሃገራውያን ጋንታታት፡ ወላ'ኳ ትሕቲ 23 ዓመት ክኾና እንተለወን፡ ሰለስተ ልዕሊ 23 ዝዕድሜኦም ተጻወትቲ ክጸምብራ ግን ይፍቀደን እዩ።

ኣከፋፊሊ እዛ ጋንታ ቲያጎ ኣልማዳ ብወገኑ፡ እዚ ሸሞንተ ግዜ ባሎን ድ'ኦር ዝተዓወተ ተጻዋታይ ምስኦ ክህሉ ሕልሙ ምዃኑ ይዛረብ። ፕረዚደንት ዓለምለኻዊ ኦሎምፒክ ኮሚቴ ዝኾነ ቶማ ባች እውን ኣቐዲሙ፡ መሲ፡ ዳግማይ ናብ ግጥማት ኦሎምፒክ ክምለስ ብርቱዕ ሃንቀውታኡ ተዛሪቡ ነይሩ። መሲ፡ ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ኣብ 2008 በይጂን ኦሎምፒክ ዕውት ወርቂ መዳልያ ክኸውን ክኢሉ ምንባሩ ይዝከር።

እንተኾነ፡ መሲ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ኮፓ ኣመሪካ 2024 ክጻወት ከምዝደለ ገሊጹ ነይሩ። ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ዝካየድ ኮፓ ኣመሪካ 2024፡ ካብ 20 ሰነ ክሳብ 14 ሓምለ ክካየድ መደብ ተታሒዙሉ ኣሎ። ኣብ ፓሪስ - ፈረንሳ ዝካየድ ኦሎምፒክ 2024 ከኣ፡ ድሕሪ 12 መዓልታት ኮፓ ኣመሪካ ማለት - ካብ 26 ሓምለ ክሳብ 11 ነሓሰ ክሰናዳእ ምድላዋቱ ኣብ ምጽዓፍ ደርኪቡ።

## ኣጉዌሮ፡ ካብ ማን ሲቲ ክወጽእ ድሌት ከምዘይነበሮ ገሊጹ

ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ሰርጆ ኣጉዌሮ፡ ኣብ ክረምቲ 2021 ካብዛ ክለብ ክወጽእ ድሌቱ ከምዘይነበረ ኣቃሊዑ።

ኣጉዌሮ፡ ኣብ 2011 ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ድሕሪ ምጽምባሩ፡ ንሓደ ዕቑድ ብሉጽ ግዜ ምሕላፉ ይፍለጥ። ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ዓመተ-ስፖርት 2011-12 ኣብ ልዕሊ ኪው.ፒ.ኣር መዕወቲት ሹቶ ብምቑጻሩ፡ ንሲቲ ድሕሪ 44 ዓመታት ናይ ሊግ ዋንጫ ከተልዕል ከምዝኸኣለ'ውን ይዝከር። እዛ ፍጻመ፡ ወርትግ እንክትዝከር ከኣ ስሙ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ኣይርኣን።

እንተኾነ፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ሓደ ካብ ዝበለጹ ኣጥቃዕቲ ምዃኑ ዝገለጸ ሰርጆ፡ ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ድሌት ከምዘይነበሮ፡ ድሕሪ ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ። “ኣብ ጥሪ 2021፡ ሲቲ፡ ውዕለይ ከምዘይተሓድሰለይ ነጊራትኒ። ኣነ ሓንቲ ተወሳኺት ዓመት ደልየ ነይረ፤ ወላ'ውን ኣብ መንበር ተቐሚጠ ኮይነ። ኣብ ትሕቲ ጓርድዮላ ውሑድ ናይ ጸወታ ግዜ እዩ ዝወሃበኒ ነይሩ፤ እንተኾነ ክሕግዝ እዩ ነይሩ ድሌተይ።” ይብል ኣጉዌሮ። ንሱ፡ እቲ ዝሓለፎ ናይ ሓደ ዓመት ተወሳኺ ውዕሉ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ንምስታፍ ብቐዓቱን ኣካላዊ ኣቃውማኡን ኣብ ምሕላው ክሕግዞ እምነት ከምዝነበሮ የረድኡ።

'ኩን' ተባሂሉ'ውን ዝጽዋዕ እዚ ኣርጀንቲናዊ፡ ኣብቲ እዋን ካብ ባርሴሎና ሕቶ ከምዝቐረበሉ እዩ ዝዛረብ። “ካብ ባርሳ ሕቶ መጺኡኒ፤ ከምቲ ሲቲ ትኽፍለኒ ዝነበረት ክኸፍሉኒ ግን ኣይክእሉን ነይሮም። ብዝዕባዚ ኣይተገደስኩን፤ ንምፍጃረይ እዚ ጉዳይ ኣብ ክልተ መዓልታት ከተዓራርዮ ኢና ነጊሮም።” ዝበለ ኣጉዌሮ “እቲ ውዕል ምስ ቀረበ፡ ምስ መሲ ተዛራሪበ። ምስኡ ክጻወት እየ ሓሲበ፤ እንተኾነ፡ መሲ፡ ክወጽእ ምዃኑ ምስ ነገረኒ ሰንቢደ እየ።” ክብል፡ ምውጻእ እዚ ወዲ ሃገሩ ሃንደበታዊ ከምዝኾኖ ይዝክር።

ኣጉዌሮ፡ ኣብ ክረምቲ 2021 ናብዛ እስጳኛዊት ክለብ ምስ ተጸምበረ፡ መሲ ዝለብሶ ዝነበረ ማልያ ቁጽሪ 10 ክቕበሎ ከምዝሓተትዎን ኣይፋል ከምዝበሎምን እውን ገሊጹ። “ንኣኡ ፋቲ ክህብዎ ነጊረዮም። ንዓይ ቁጽሪ 10 ማለት መሲ እዩ፣ ብድሕሪኡ ክጥቀመላ ኣይደለኹን።” ይብል። ቁጽሪ 19 ለቢሱ ገዕዞ ናይ ባርሳ ዝፈለመ ሰርጆ ኣጉዌሮ፡ ኣብ ሓሙሻይቲ ጸወታኡ (ኣብ ጥቅምቲ 31) ግን፡ ኣብ እዋን ጸወታ ብሰንኪ ናይ ልቢ ጸገም ናብ ሆስፒታል እዩ ኣቕኒዑ። ወላ'ኳ ኣብ ፈለማ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ናብ ጸወታ ክምለስ ምዃኑ ተሓቢሩ እንተነበረ፡ ቤታ ዝወጻ እናኑበ ጫምኡ ክሰቅል ምግዳዱ ግን፡ ብ15 ታሕሳስ 2021 ኣፍሊጡ።



## ጋንታታት ሰሪ'ኣ ንምጉዳል ክለባት ተቓዊመናኦ

ክለባት ሰሪ'ኣ ኢጣልያ፡ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ዝርከባ ብዝሒ ክለባት - 20 ጋንታታት ከምዝለዋ ክቕጽላ፡ ትማሊ ኣብ ከተማ ሚላን ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ኣድሚጸን።

ኣርባዕተ ዓበይቲ ክለባት ጥራይ - ጁቬንቱስ፡ ኤሲ ሚላን፡ ኢንተር ሚላንን ሮማን፡ ቁጽሪ ክለባት ካብ 20 ናብ 18 ክወርድ ዘድመጻ ነይረን። እዘን ክለባት፡ ብዝሒ ግጥማት ንምጉዳል ከምኡ'ውን ብቑዕን ተወዳደርን ከዕሶ እግሪ ንምዕባይ ካብ ዝበለ ሓሳብ እየን ብዝሒ ክለባት ክወርድ ክደፍኣሉ ጸኒሐን። ይኹን'ምበር፡ እዚ ሓዲሽ ውጥን ተግባራዊ ክኸውን እንተኾይኑ፡ እንተውሓደ 14 ክለባት ነዚ ሓሳብ ክድግፍኦ ነይሩወን። 16 ክለባት ግን፡ ኣንጻር እዚ ሓሳብ ኣለዋ ማለት እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፈተነ ምጉዳል ብዝሒ ጋንታታት እዚ ሊግ፡ ብዓይረንከተራት ካልኦት ክለባት ተነቒፉ እዩ። ሓደ ካብኦም ፕረዚደንት ክለብ ቶሪኖ ኡርባኖ ካይሮ እዩ። ንሱ፡ “ከም ዝመስለኒ እዚ ኣተሓሳስባ ጌጋ እዩ። እቲ ክጉበርዎ ዘድለዩ ሱፐር ሊግ ንምምልስ እዩ ምብልኩ።” ኢሉ።

ብመንጽሩ ፕረዚደንት ኤሲ ሚላን ፓውሎ ስካሮኒ፡ ብሰንኪ ብዝሒ ጸወታታት ክለባም እትርከበን ዓበይቲ ጋንታታት ግዳይ ይኾና ከምዘለዋ የረድኡ። “ብዓይኒ ሓቂ፡ ከምኒ ዝኣመሰለ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ዝጸወታን ብዙሓት ተጻወትተን ናብ ሃገራውያን ጋንታታት ዝሰዳን ክለባት፡ ብብዝሒ ግጥማት የማርራ እየን።” ዝበለ እዚ በዓል ስልጣን “ተጻወትቲ፡ ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድር፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት፡ ኮፓ ኢጣልያን ሰሪ'ኣን ይጻወቱ ኣለዉ። እዚ ኩሉ፡ ናብ ጸዕቂ ግጥማት እዩ ዝምርሕ፣ ንተጻወትቲ ከኣ ዘይጽወርን ግዳይ ተደጋጋሚ መጉዳእቲን ይገብሮም ኣሎ።” ኢሉ።

ስካሪና፡ እዚ ሊግ ቅድሚ ሕጂ 18 ክለባት ከምዝነበሮ 16 ኮይኑ'ውን ከምዝፈልጥ ንድሕሪት ተመሊሱ የዘኻኽር። ሰሪ'ኣ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2004-05 እዩ ካብ 18 ክለባት ናብ 20 ክቡ ኢሉ።

እዚ ናይ ምምሕያሽ ውጥን ክለባት፡ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ - 11 መጋቢት ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ፌደረሽን ከዕሶ እግሪ ኢጣልያ (FIGC) ክለዓል ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ሰሪ'ኣ፡ ካብቲ ናይ ሃገሩ ፌደረሽን ዝያዳ ስልጣን ርእሰ ምምሕዳር ክወሃቦ'ውን ይሓትት ኣሎ - ልክዕ ከምቲ ፕሪመር ሊግ ኣብ እንግሊዝ ዘለዋ ስልጣን።

## ማይኖ፡ ንመበቈል ሃገሩ ዶ ንዝተወልደላ ሃገር . . .

መንእሰይ ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ኮቤ ማይኖ፡ ሹሕ'ኳ ካብ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌት ተጉዳስነት ረኺቡ እንተሃለወ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ዘለዎ ምርጫ ንምውሳን ግን፡ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ እዛ ዓመት ክጸበ መዳቡ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ን10 ተኸታተልቲ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ማልያ ዩናይትድ ለቢሱ ክጻወት በቒዑ ዘሎ ማይኖ፡ ካብ ጋናውያን ስድራ-ቤት ኣብ እንግሊዝ እዩ ተወሊዱ። እዚ ማለት፡ ካብ ክልቲኤን ንዝመረጾ ሃገር ናይ ምውካል ተኽእሎ ኣለዎ። እዚ ትሰፋው መንእሰይ፡ ምስ ናይ ትሕቲ 16፡ 18ን 19ን ዓመት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ እኳ እንተተጻወተ፡ ኣብ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ንዘህልዎ ምርጫ ግና ገጸሉ ኣይተዓጸን።

እዚ ወዲ 18 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣብ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ቀዋሚ ቦታ ቅድሚ ምሓዙ፡ ህውኽ ኢሉ ክውስን ከምዘይደለየ እዩ ዝሕበር። እዚ ማለት፡ ኣብዛ ኤውሮጳዊት ሃገራዊት ጋንታ ዘተኣማምኖ ቀዋሚ ቦታ ከምዝይብሉ እንተኣረጋጊጹ፡ ንጋና ናይ ምውካል ተኽእሎ ክህልዎ እዩ።

ማይኖ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዩናይትድ ብዘርእዮ ዘሎ ሱሓቢ ምንቅስቓስ፡ ንሳውዝጌት ሰሒብዎ ምህላዉ ይግለጽ። እዚ ዓሎሚ፡ ማይኖ ካብ ትሕቲ 21 ዓመት ሃገራዊት ጋንታኦም ጽውዒት ክመጽኦ ክሓተሉ ተዳልዩ ምህላዉ'ውን ምንጪታት የረድኡ። ብመንጽሩ፡ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ራንዲ ኣብይ ዝስሙ ኣባል ፌደረሽን ከዕሶ እግሪ ጋና፡ ንማይኖ፡ ነዛ ብጸለምቲ ከዋኽብቲ እትፍለጥ ሃገራዊት ጋንታኦም ክውክላ ተሰፋ ኣንበርዎ ምህላዎም ገሊጹ ነይሩ።




ብመሰረት ሕግታት ፊፋ፡ ሓደ ተጻዋታይ ኣብ ዝኾነ ግዜ ሃገራውነቱ ክቕጽል ይኽእል እዩ - ኣቐዲሙ ኣብ ምሕዝነታዊ ጸወታ ጥራይ ንኻልእ ሃገር ወኪሉ እንተኾይኑ። ትሕቲ 21 ዓመት ኮይኑ ወላ'ውን ካብ ሰለስተ ግጥማት ዘይሓልፍ ተወዳዳሪ ወይ ወግዓዊ ግጥማት ዘየደየ ተጻዋታይ'ውን ክቕይር ይኽእል እዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ኣከፋፋሊ ክለብ ኣስቶን ቪላ ቦባካር ካማራ፡ ሰሪ'ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ፡ ነዛ ተሪፉ ዘላ ዓመተ-ስፖርት ክኸስራ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

ኣብ ክረምቲ 2022 ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ካማራ፡ ኣብዚ ኣስቶን ቪላ ኣብ ትሕቲ ዓላሚ ኡናይ ኤምሪ ዳግማይ እትብራብረሉ ዘላ እዋን፡ ሓደ ካብቶም ኣገዳስቲ ተጻወትቲ ኮይኑ ደርኪቡ። እዚ እናተኸላኸለ ዘከፋፍል ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ፡ ብሰንኪ'ዚ ኣንጻር ማን ዩናይትድ እናተጻወቱ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ኣብዚ ወሳኒ ግዜ ምእላዩ ነዛ ጋንታ ሃሰያ ምዃኑ ይግለጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ናይ ምዃን ዕድል'ውን ክኸስሮ ክቕስብ እዩ - ብቕልጡፍ ናብ ጸወታ እንተዘይተመለሰ።

ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ናይ መወዳእታ ናይ ሊግ ግጥማት ሓንሳብ ጥራይ ዝተዓወተት ኣስቶን ቪላ፡ ካብቲ ሒዛቶ ዝነበረት ካልኣይ ደረጃ ኣንሸራቲታ ሓሙሻይ ተሰሪዓ ትርከብ።

* ነውካስል፡ ብመጉዳእቲ ኣጥቃዓይ ካሉም ዊልሶም ተሻቒላ ከምዝኾነ ጋዜጣ ደይሊ መይል ኣቃሊሓ። ዊልሶን፡ ኣብቲ ንኖቲንግሃም 3-ብ2 ዝሰዓሩሉ ናይ ቀዳም ጸወታ እዩ ኣብ የማናይቲ ቅልጽሙ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ሰሪ'ዚ መጉዳእቲ ከኣ ካብቲ ዝመጽእ ቀዳም ምስ ቦርንማውዝ ዝካየድዎ ግጥም ከይበኮር ሰጊኡ ኣላ - እዛ ንኣለክሳንደር ኢሳቕ እውን ብሰንኪ መጉዳእቲ ከሰራቶ ዘላ ክለብ።



* ፒኤስጂ ቀዳም ምሸት ንሊል 3-ብ1 ክትስዕራ እንከላ ኣብ መንበር ተቐሚጡ ዝበረ ኪይላን ምባፐ፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ጸወታ ቻምፕዮንስ ሊግ ክስለፍ ምዃኑ፡ ኣሰልጣኒ ሉዊስ ኤንሪኬ ኣፍሊጡ።

ኣብዛ ወቕቲ ኣብ 29 ዝተፈላለዩ ግጥማት 30 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ዘሎ ምባፐ፡ ቅድሚ ሰለስተ መዓልታት እታ ጸወታ ኣብ ዓንኬር ዓንኬራቶኡ ንእሽተይ ጸገም ስለዘጋጠሞ እዩ ከዕርፍ ተመሪጹ። ሎሚ ምሸት ከኣ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዙር 16 ንጋንታኡ ዓቢ ሓገዝ ክጉበረላ ትጽቢት ይግበር። ኣብ ናይ ምድላው ጸወታ ድኹም ምንቅስቓስ ዘርኣየት ፒኤስጂ፡ ኣብ ሜዳኣ ንሪያል ሶሴዳድ ኢያ ክትገጥም።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ቻምፕዮንስ ሊግ ቀዳማይ እግሪ ዙር 16

ፒኤስጂ - ሪያል ሶሴዳድ 11፡00 ምሸት

ላዚዮ - ባየር ሙኒክ 11፡00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ንጉስ ዮርዳኖስ፡ እስራኤል ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ ቓዛ ደው ከተብል ጸዊዑ

እስራኤል፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ደብዳብ ነፈርቲ ደው ከተብሎ፡ ንጉስ ዮርዳኖስ ዓብደላ ኣልሲ ጸዊዑ።

ንጉስ ዓብደላ ካልኣይ ዝ. ጸወዒት እዚ ዘቕረበ ዘሎ፡ መጥቃዕትታት እስራኤል ኣብ ደቡብ ረፋሕ ኣብ ዝቐጸለሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣብ ደቡባዊ ወሽመጥ ቓዛ እትርከብ ረፋሕ፡ ካብ ቤት ንብረቶም ዝተመዛበሉ ኣስታት 1.4 ሚልዮን ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ተዓቑቦሙላ ዘለዉ ከተማ ምዃና ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እስራኤል ኣብ'ታ ከተማ ብእትፍጽሞ ዘላ ናይ ኣየር መጥቃዕታት፡ ብዙሓት ሰላማውያን ሰባት ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ይኾኑ ከምዘለዉ ይሕብሩ።

እስራኤል ኣብ ረፋሕ ዝኸዳ መጥቃዕቲ ከይተካይድ ብማሕበረሰብ ዓለም ጸወዒት እኳ እንተቐረበ፡ ኑቲ ጸወዒት ጸማም እዝኒ ብምሃብ - መጥቃዕታ ተሰፍሒ ከምዘላ እየም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መዓልታት ኣብ ረፋሕ ብዝፈጸሞ ስርሒት፡ ካብ'ቶም ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዝርከቡ ልዕሊ130 ሰባት - ክልተ ናጻ ከምዘውጽኦት ገሊጻ ኣላ።

ካብ ዝጀምር ልዕሊ 4 ኣዋርሕ ኣቑጺሩ ዘሎ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ ዛጊት ህይወት ልዕሊ 28 ሽሕ ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ከምዝጠፈኣን ልዕሊ 67,500 ሰባት ከምዝቖሰሉን ሰቡማዚ ጥዕና ፍልስጤም የረድኡ።



## ሽወደን - ኣብ ማእከል መዘናግዒ ባርዕ ተኸሲቱ

ኣብ ጉተንበርግ፡ሽወደን፡ ኣብ ሓደ መናፈሻ ዝተኸስተ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ዕንወት ኣውሪዱ።

በቲ ኣብ ማሰርሕ ህንጻት ኣብ ዝርከብ መናፈሻ ዝተኸስተ ባርዕ ሓዊ፡ 12 ሰባት ቈሲሎም ናብ ሕክምና ክለኣኹ እንከለዉ፡ ካልኦት ቁጽርም ብንጹር ዘይተፈልጠ ደቃቕም ጠፊኡ ከምዘሎ ተቓሊሑ።

እቲ ኣስታት 9.8 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ዝተገብረሉ መዘናግዒ ማእከል፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ስርሑ ክጀምር መደብ ተታሒዙ ምንባሩ ዝሓበሩ ሰቡማዚ እቲ ትካል፡ ናይ ማይ መንሸራሸሪታት ካልእ ተመሳሳሊ ቀረባት ዘአንግድ ትካላትን በቲ ሓዊ ከምእተሃሞኹ ገሊጾም።

ኑቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ግዜ ከምዝወሰደ ዝሓበሩ እቶም ሰቡማዚ ብዘወሳኸ፡ ኣብ ነበርቲ ናይ'ታ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ጉተንበርግ እትርከብ ከተማ ለሰበርግ፡ እቲ ባርዕ ብዘስዓቦ ትኪ - ጥዕናዊ ሓደጋ ወሪዱ ከምዘሎ ጠቒሶም።

ነበርቲ፡ ብዝተኻእለ መጠን ካብ ኣባይቶም ከይወጽኡ፡ እቲ ብከላ ዝኸፈተ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ከስዕበሎም ስለዝኽእል ጥንቃቐታቶም ክሕደሉ መኸሮም ኣለው።

ጠንቂ እቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ ዝሓበሩ ሰቡማዚ ምክትታል ሓደጋታት እታ ከተማ፡ ጠንቁ ንምፍላጥ መረመራታት ክካይዱ ጀሚሮም ከምዘለዉ ኣገንዚቦም።

ከተማ ለሰበርግ ኣብ 1923 ዝተሃንጸት ከተማ ኮይና፡ ብዘለዋ ኣገዳሲ ማሕበራዊ - ዓመታዊ ክሳብ 3 ሚልዮን በጻሕቲ ከምእተአንግድ ጸብጻባት የመልክቱ።



ኣብ ኒውዮርክ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ መንገዲ ባቡር ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት፡ ኣብ ሰባት ጉድኣት ከምዘውረደ ተገሊጹ።

በቲ ኣብ መንጎ ክልተ ጉጅለታት መንእሰያት ዝተኸፍተ ተኹሲ፡ 5 ሰባት ብኸቢድ ክቖስሉ እንከለዉ፡ ሓደ ከምእተቐትለ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ'ታ ዝዓበየት ከተማ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከብ መንገዲ ባቡር ዝተኸስተ መጥቃዕቲ ብረት፡ በቶም ክልተ ጉጅለታት ብዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ከምዝጀመረ እየም ፖሊስ እታ ከተማ ዝሕብሩ።

ኣብ'ቲ መንገዲ ባቡር ብዙሓት ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ብምንባሮም ዝኸፍአ ጉድኣት ክወርድ ይኽእል ምንባሩ ዝሓበሩ ሰቡማዚ ፖሊስ ከተማ ኒውዮርክ፡ ፖሊስ ኑቲ ኩነታት ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ብምውዓሉ - ሳዕቤን ናይ'ቲ ሓደጋ ከምዘይዓበየ ኣገንዚቦም።

ኣብ ኣመሪካ ዓመት መጽኣ ዝፍጸም መጥቃዕታት ፈኮስ ብረት ኣዝዩ ብዙሕ ኮይኑ፡ ብኣኡ መጠን ህይወት ኣሽሓት ሰባት ከምዝጠፍእ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ ኣመሪካ፡ ብሰንኪ ዋንነት ብሕታዊ

## ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ናብ ደ.ሪ.ኮንጎ ወተሃደራት ተዋፍር

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሳዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ንዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት ንምምካት፡ ኣብ ጉድኒ ሰራዊት ኮንጎ ዝሰለፉ ኣስታት 2900 ወተሃደራት ናብ'ታ ሃገር ከተዋፍር ምዃና፡ ፕረዚደንት ሰሪል ራማፎዛ ኣፍሊጦ።

እዚም ክሳብ መወዳእታ ናይ'ዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት - ኣብ'ቲ ዞባ ከምዝጸንሑ ዝተገልጸሎም ደቡብ ኣፍሪቃውያን ወተሃደራት፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ክገብሩ ትጽቢት ከምዘሎ ይሕብሩ።



መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ኣብ መሬቱ ዝንቀሳቐሱ ብ'ኤም 23' ዝፍለጡ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ሰላማውያን ሰባት ከምዝቖትሉ እዩ ዝከሶ።

ከም ወጻኢቱ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ - ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት፡ ነታ ሃገር ንምሕጋዝ ኣብ'ቲ ዞባ ወተሃደራት ከተዋፍር ምዃና ሓቢራ ነይራ።

ብሰንኪ'ቲ ዓሰርተታት ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ግጭት ዕጡቓት ጉጅለታት 'ኤም 23'ን መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎን፡ ኣብ'ታ ሃገር ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቝጸሩ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ልዕሊ 7 ሚልዮን ድማ - ካብ ቤት ንብረቶም ተመዛቢሎም ይርከቡ።

## ሓረስቶት ህንዲ፡ ብመንግስቲ ዝተኣትወሎም መብጽዓ ክትግበር ይሓትቱ

ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሓረስቶት ህንዲ፡ ኣብ 2021 ዘቕረብዎ ጠለባት መንግስቲ ዝሃቦ መልሲ ከምዘይሃቦ ብምውቃስ፡ ተቓውሞኦም ንምግላጽ - ናብ ከተማ ኒው-ደልሂ ይኣትዉ ከምዘለዉ ተቓሊሑ።

እዚም ካብ መላእ'ታ ሃገር ናብ ደልሂ ዝኣትዉ ዘለዉ ኣሽሓት ሓረስቶት፡ ካብ 2021 ኣትሒዞም ዋጋ መግቢ ክውሰኽ ከምኡ'ውን ድጎማ መንግስቲ ክዕቢ ክጠልቡ ምጽንሖም እዩ ዝገለጹ።

እንተኾነ፡ መንግስቲ ጠለባቶም ብዘይምሕኣ ከምዘይማልኣሎም ብምምልካት፡ ኣብ ርእሰከተማ እታ ሃገር ሰፊሕ ተቓውሞ ከምዝካይዱ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

ኣባላት ፖሊስ ህንዲ፡ ምንቅስቓስ ናይ'ቶም ሓረስቶት ንምዕጋት፡ ናብ'ታ ከተማ ዘእትዉ ቀንዲ ጽርግያታት ከምዝዓጸውዎ ይሕብሩ ኣለዉ።

ሰቡማዚ ጸጥታ ህንዲ ብዘወሳኸ፡ ኣብ ከተማ ኒው-ደልሂ ዝኾነ ምትእኽኻብ ከይግበር ኣጠንቂቖም ኣለዉ።

መወዳእታኡ፡ ኣብ'ቲ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ክሳብ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሓረስቶት



ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ኣብ ዝገለጹሉ ዘሎ እዋን፡ ኩነታት ጸጥታ ደልሂ ኣብ ጸገም ከይወድቕ ብምስጋእ - ብርክት ዝበሉ ኣባላት ፖሊስ ህንዲ ኣብ ጎደናታት ይዋፈሩ ከምዘለዉ ተፈሊጡ።

ሰቡማዚ ህንዲ፡ ኑቲ ተወጢኑ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ደው ንምባል፡ ምስ ላዕለዎት ወከልቲ ማሕበር ሕርሻ'ታ ሃገር ዝርርብ ከምዝካይዱ ገሊጾም ኣለዉ።

ኣብ 2020 ሓረስቶት ህንዲ፡ ኣብ ከተማ ኒው-ደልሂ ተመሳሳሊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም ምንባሮም ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብዘስዓበ ናዕቢ፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱ ይገልጹ።

እቲ ናይ ሽዑ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንዳራ ሞዲ - ዓቢ ብድሆ ኮይንዎ ምንባሩ፡ እቶም ጸብጻባት የረድኡ።

መንግስቲ ህንዲ ብዘወሳኸ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር - ኣግልግሎት ኢንተርነት ከምዘዐጸዎ ተፈሊጡ።

## ኣመሪካ - ኣብ መንገዲ ባቡር መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ብረት - ኣብ ዓመተ 2023 ልዕሊ 43 ሽሕ ሰባት ከምእተቐትሉ ሰነዳት ገበናት ብሕታዊ ብረት እታ ሃገር የረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻባት ሰነዳ ገበናት ብሕታዊ ብረት ኣመሪካ፡ ካብ 2016 ኣትሒዙ ኣብ'ታ ሃገር - ዓመታዊ ኣስታት 38 ሽሕ ሰባት ዋንነት ብሕታዊ ብረት ብዝጠንቀቐ መጥቃዕትታት ይሞቱ።

ኣብ ኣመሪካ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ልዕሊ 390 ሚልዮን ጠበናጁ ኣብ ኢድ ውልቀ-ሰባት ከምዝርከብ እውን፡ እቶም ጸብጻባት የረድኡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውሊዕ | 14/02/2024 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565